ፍሉይ ሕታም

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.228 | ረቡዕ 24 ግንቦት 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ናጽነት ኣብ ምንዳይ'ውን ናጽነት የድሊ!



ገጽ 3
ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ



ገጽ 6
ጽምብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳስ ፎርቶ/ጸጸራት!




ገጽ 7
ሰብ ፍሉይ ካርድ



ገጽ 11
15 ዝበለጹ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ 2022-2023



# መራሕቲ ሸዱሸተ ሃገራት ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

ብምኽንያት መበል 32 ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ኬንያ፡ ሽወደን፡ ጀርመን፡ ቱርኪን ኒካራጓዋን፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኢትዮጵያ ሳህለወርቅ ዘውደ፣ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኬንያ ዊልያም ሩቶ፣ ንጉስ ሽወደን ካርል ጉስታቭ፣ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ረፓብሊክ ጀርመን ፍራንክ-ቫልተር ሽተይንመየር፣ ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን፣ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ኒካራጓዋ



ዳንኤል ኦርቴጋ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ኬንያን ቱርኪን ብዝወሃሃደ፡ ሕውነታዊ ዝምድናታትን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ብዝሓየለ ክምዘቅጽል ዘለዎም ጽኑዕ እምነት ገሊጾም።

# ደቡብ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ብክብ ዝበለ መዓርግ ተጸምቢሉ

በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ "ቅያ ስጡም ማሰረት" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ብ22 ግንቦት ብክብ ዝበለ መዓርግ ተጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ስታድዮም መንደፈራ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ብልዕሊ 700 ተመሃሮን ሰራዊትን ዝተዳለወ መሰናድኣታት ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ 80 ዓመታት ተቓሊሱ ንኹሎም ብድሆታትን ሓደጋታትን ብብቕዓት ክጥምምን ክስዕርን ዝኸኣለ፡ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ስጡም ውዳበኡ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ነቲ በዓል ንምድማቕ ንዘጽዓሩን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ኣመስጊኑ።

ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ ደቡብ ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ብወገኑ፡ ነቲ ጽምብል ንምድማቕ፡ ብወሻጣዊ ዓቕሚ ዞባ ዝተዳለወ ስነጥበባዊ ትሕዝቶታት፣ ብተሳትፎ ተመሃሮ ዝቐረበ ምርኢት፣ ቅያ ህጻናት፣ ከምኡ'ውን መደባት ዋርሳ ዝጠቓለለ መሰናድኣታት ከምዝተዳለወ ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ቅንያት፡ ዑደት ጸዋእ "ህያብ ናጽነት" ንምድማቕ ዝተረኽየ ሰዙዝ ተሳትፎ፡ መርኣያ ኣብ መሳርዕና ዘሎ ስጥመት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣብርሃም፡ ኣብ ዝሓለፈቶ ከቢ ብህዝቢ፡ ምምሕዳራትን ሓይልታት ምክልኻልን ንዝተገብረሉ ኣቀባብላ ንኢዱ።

ኣብ'ቲ ልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ዝተንጸባረቐሉ ጽምብል፡ ድራማዊ ምንቅስቓስ ተመሃሮ (ክላስተኒክስ)፣ ትልሂት ብሄራት፣ ጣዕመ ዜማታት፣ ከምኡ'ውን "ረቒቕ ሓይሊ" ዘርእስታ ድራማ ዝጠቓለለ ትሕዝቶ ቀሪቡ።



## ሓረስቶት ናቕፋ ንክራማት ምድላዋቶም የጻፍፉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ሓረስቶት ምምሕዳራት ከበቢ ኣግራዕ ተሓትን ኣግራዕ ለዓልን ጥብ ዝበለት ማይ ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ንምውዓል፡ ምድላዋቶም የጻፍፉ ኣለው።

እዚ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ኣትሒዙ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት፡ ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ምልስላስ መሬት፡ ምዝላይ፡ ምድልዳል፡ ከምኡ'ውን ዓሞማት፡ ጀረፋትን መእለዪ ውሕጅን ምጽጋን ዝጠቓለለ እዩ።

እቶም ሓረስቶት፡ ማይ-ክዕያታት ምፍዋስ፡ ከትርታትን ዛላታትን ምስራሕ፡ ምድኻዕን ምዝላይን ግራውቲ፡ እቶታውነት ኣብ ምብራኽ ዘለዎ ኣገዳስነት ብምግንዛብ፡ ነቲ ስራሕ ብዝሓየለ ክቕጽልዎ ምዃኖም ገሊጾም።

# መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብድምቀት ተባዒሉ

በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ፡ እስራኤል፡ ካናዳ፡ ግብጺን ጀርመንን ብዓቢ ድምቀት ተጸምቢሉ።

ኣብ ኢጣልያ - ከተማታት ሮማ፡ ባሪ፡ ካታንያ፡ ሸሮና፡ ፒዛ፡ ፓርማ፡ ፓለርሞን ቶሪኖን ብ21 ግንቦት ዝተወደበ ጽምብላት፡ ብዕዙዝ ተሳትፎ ዜጋታትን መሓዙት ኤርትራን ኤርትራውያንን ማዕረግ ነይሩ።

ኣብ ከተማ ሮማ ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ "እንበዕሎ ዘሎና ናጽነት - ወጽኢት ናይ'ቲ ንልዕሊ 60 ዓመታት ክቡር ዋጋ ከፊልናን፣ ዘይሰገሩ ዝመሰሉ ፈተንቲ መድረኻት ሰጊርና ዘረጋገጽናዮ ዓወት እዩ" ኢሉ። ኣብ ኩለን ከተማታት ኢጣልያ ብተመሳሳሊ፡ ብባህላዊ መደባት ዝማዕረገ ጽምብላት ከም እተኣንገደ ተፈሊጡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ዊኒፐግ፡ ብራንደንን ዊንክለርን ከባቢኣንን - ካናዳ እውን ንቃልሲን መስዋእትን ብዘንጸባርቕ ባህላዊ ጸወታታት፡ ከምኡ'ውን ሰውራውን ሃገራውን ዜማታት ዝማዕረገ ጽምብል ኣካዪዶም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገረ እስራኤል ኣብ ተልኣቪቭ ኣብ ዘካየድዎ ምዕሩግ ጽምብል ድማ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኢምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሰለሙን ክንፈ፡ ናጽነት ንምጽምባል ዝኾነ ኩነታት መርኣያ ረዚን ትርጉማን ንስለኣ ዝተኸፍለ ዋጋን ምዃኑ ገሊጹ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ካይሮ - ግብጺ ብወገኖም፡ ብስነጥበባውን ባህላውን መሰናድኣታት ዝደመቐ ጽምብል ኣካዪዶም።



# ናጽነት ኣብ ምንዳይ'ውን ናጽነት የድሊ!

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ናይ ብሉፅ ናጽነት፡ ብመንገዲ ናጽነት ጥራይ ከም እትብጻሕ ተመኪሮ ቃልሲታት ንስለ ናጽነት ብተደጋጋሚ ማስኪሩዎ እዩ። ቃልሲ ናጽነት ብናጽነት እንተዘይተሰሪዑ መንድዓት ዘጸቅጦ ናጽነት ሓቀፍካ ምንባር፡ ወይ ድማ ኣብ ዘይውዳእ መንገዲ ምኽርታት እዩ መውዳእታኡ። ካብ መጀመርታኡ ኣንፈት እንተ ዘይሓጺሩ፡ ናይ ደንበርበር ጉዕዞ ኣብዩ ከም ዘበጽሕ እውን ኣይፍለጥን።

ኣብ ዓለምና፡ ብዘይካ'ቶም ናጽነቶም ብሓደ "መሸኻቲ ዓለም ኢና" በሃልቲ ዝተመጣወሉም ህዝብታት፡ ናጽነቶም ብቓልሲ ንክረኽቡ ኣሉም ዝተበሰ ናይ ቃልሲ ጉጅለታት ወይ ውድባት መቑጸሪ የብሎምን። ገሊኦቶም ቡቶም ድሕሪኦም ዝሰዓቡ ተቓለስቲ ተዋሒጦም፡ ገሊኦም ኣብ ሓድሕዶ ብዘፈጠረዎ ምንቋት፡ ነርሞ "ሰብኣይን ሰበይትን ዝተባእሱ መኣዲ ይፍጠረልካ" ምስ ኩነ ሓቒቖም። ገሊኦቶም ድማ ኣንፈቶም ስለ ዘጥፍኡ፡ መጋበርያ ጉዳም ኮይኖም ጠፊኦም። ሓያሎ ካብ'ቶም ናጽነት ክወን ዝበቑ ዝመሰሎም እውን ብሮገልባጣ "ናይ ርሑቕ መግዛእቲ!" እትንዝብ "ናጽነት" ሒዞም ኣትዮም፡ ውሑዳት ድማ ብሉፅ ናጽነቶም ጨቢጦም።

እዞም ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልያት፡ ኣብ ምብጋሽን ምምራሕን ቃልሲ ዝተፈጥሩ መንቅብት እዮም። ዝጠዘሉ ካብ'ቶም ኣብ ዝብጻሕ ዘይብጽሑ፡ ግዜ ናጽነቶም ኣብ ምንዳይ፡ ምስ ከለንትናዊ ኩነታት ህዝቦምን ሃገሮምን ዘይ ናይ ቃልሲ መንገዲ ራሕሪሖም፡ ብሪሞት ናይ ካልኦት ክምርሑ ፍቓደኛታት ዝኾኑ እዮም። ንጹር መንገድን መዓርፎን ስለ ዘይብኣሉ፡ ክሳብ ዝስልክዮም ኣብ ዕንክሊል ኣሕሊፎምዎ። እታ "በጺሕናያ" ዝበልዋ ናጽነት እውን እንታይነታ ከጥፍኡ እዮም ተሰኪሞማዋ ዓዲ ኣትዮም።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ዝ ናጽነት ንምርካብ ኣብ ዝተሰላሰለ ቃልሲ፡ እንተስ ሰኣን ምስትውዓል፡ ወይ ድማ ብደይ መደይ ካብ ናጽነት ንላዕሊ ረቡሓ ግዜ ርእሶም ብዘዕወርም ጉጅለታት ወይ ውልቀሰባት ብዘተፈጥረ ሃጓፍ፡ እታ ናጽነት እትመስል ዘይናጽነት ንመዋእላት ከም እትነግስ ገይሮም እዮም። ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ፡ ኣብ ዓለም ከም ናጻ ዝወሰዳ ውሑዳት ዘይኮና ሃገራት፡ ምስ'ቲ ኣብ መዝገቡ ቃላት ሰፊሩ ዝርከብ ቅኑዕ ትርጉም ናይ ናጽነት ዘይሳነ ናጽነት ሒዘን እየን ዝነብራ ዘለዋ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ኣብ ዘለናዮ ምዕቡል ዝበሃል እዋን ኑታ "ናጽነት" ዝብላኦ ኣገዳሲ ጭቡጥ ብመንገዲ ናጽነት መርሚረን ኣብ ኢደን ኣላ ድያ ዋላስ የላን ዘረጋግጻሉ ዕድል እውን ተረጊጡወን እዩ። ማለትሲ፡ ናጽነተን ብዘተፈላለየ ብልሓትን ውዲትን ተመንጢለን ክሰና ንዘይላ ናጽነት ክረርዋ፡ ኣብ ባዶ ሃልኪ ይነብራ ምህላወን ዘሕዝን እዩ።

ሓደ ጊዜ 'ናጽነት ኣለኒ' ክብል እንተ ኾይኑ፡ ዝዓለዮ ናጽነቱ ከም ዘይናቱ ጠሚቱ፡ እቲ ኣብ ወሽጢ ዓቢ ዓርት ከም ናጽነት ዝሓሰቦ ደቀቕቲ ሃገራት ጥራይ እዩ ክዘርዝር። ዝ ምስ ናጽነት ዘይጽብጹብ ቀንጠመንጢ ክጣበቕ ክብል ድማ ኑቲ ወሳኒን ዝዓለዮን ናጽነቱ ደርሲዩ። ዋላ'ውን ፈወሲ ሞት ጥራይ ይኸውን ጎይታኡ ዘፍቀደሉ ክምገብ፡ ጎይታኡ ኣብ ዝፈቐዶ ክሰርፍ፡ ጎይታኡ ኣብ ዝበሎ ክኸይድ. . . እንተ ዘይኮይኑ፡ 'ማዕረ ናጻ ሰብ ዘይኮነ' ኢሉ ዝሓምም ኣይኮነን። "ኣይሂ እናዘበኻ ብታኒካ ማይ ምግፍፍፍ" ዝበሃለ።

ሎሚ ሓያሎ፡ ብሕልፊ ዘይማዕበላ ዝበሃላ ሃገራት፡ ልቓሕ ክወሃባ መሰለን ምኽንያት፡ ረድኤት ክቕበላ መሰል ከም ዘለወን ዝተዘምተ ቅርሲ ክምለሰለን ከም ዝኾነ፡ ኣብ መዝገብ ሃገራት ዓለም ክህልዋ መሰለን ምኽንያት. . . ብሓበን ክዘርዝራ እንክለዋ ባህ ይብለን። ንህዝበን ኣብ ዝትንከፍ ወይ ዝጸልው ዓለምለኻዊ ውሳኔታት ተራ ክህልወን ዘይምኽኣሉ ግን ከም ንብረ ወይ ዘይግብኣን ዝወሰዳ እየን ዝመስላ። ብወሳናት ሃገራት ዝተነድፈ ዓለምለኻዊ ሕግታት፡ ዋላ'ውን ምስ ኩነታት ህዝበን ዘይሳነ ይኹኑ ከምኡ ድማ ምስ ካልኦት ሃገራት ብማዕረ ዘርብሐን ክሰ፡ ብዘይ ዕጻይ ምጽጻይ ክርዕምኦ ከም ዘለወን እየን ዝኣምና። ምናልባት እውን ኣድ እናስኣ።

እዘን ሃገራት፡ ገና ብቑል ከይበሉ ብተሊቃብ ኢድ ዝዘወር ስርዓት ክበቁል እንክሎ ተዓዚመን ብምዕዛበን ኣብ መወዳእታ፡ ኑታ "ናጽነት" እትበሃል ኣምር፡ ብስማ ጥራይ ሒዘናኣ ተሪፈን ምህላወን ክእመና ቅሩብት ኣይኮናን። ህዝብታተን ናጽነት ዝበልዎ ድሙ ኣብ ምድሮም ባዕዲ ዘይምህላዉ ጥራይ እዩ። ኣብ ወሽጡ ዝሰረጸ ናይ ባዕዲ ኣኡዳው ክንደይ ምኳኑ እንታይ ይጉብር ምህላዉን ግን ግዙዝ ዘሎ ኣይመስልን። ብናይ ደገ ውዲትን ብደቂ ሃገር ሱብ ረቡሓን ተተኺዑ ዝሓዘን ባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ ወተሃደራዊ . . . ውዲት እውን እናረኣያኦ ንኸይርእያኦ ዓዊረን ደርከቡ። ገና ከኣ "ናጻ ሃገር - ናጻ ህዝቢ!" ዝብል ስያመ ይወዝፉ።

ናጽነት፡ ንጥምረትን ሓይልን ንሰላምን ምዕባለን. . . ቀንዲ ረቛሒ ምኻኑ ዝተረጋገጸ ይመስል። ሰሜን ኮርያ ደቡብ ኮርያ፡ ሰሜን የመን ደቡብ የመን፡ ምብራቕ ጀርመን ምዕራብ ጀርመን. . . እናተባህሉ ዝጽውዑ ዝነበሩን ክሳብ ሕጂ እውን ዝጽውዑ ዘለዉን ደቂ ሓንቲ ሃገር ዝኾኑ ህዝብታት፡ ምንጪ ፍልልያቶም ካብ ግዜኡ'ንበሮም ዝበቕለ ምኽንያት እንተ ተመኺሮሉ እኳ፡ ኣድ ናይ'ቶም ኣብ ግዝኡ ሓያላት ምኽንያም ዝተኣምሎም ስርዓታት ከም ዘለዎስ ክውል ኣይኮነን። እቶም ሓደ ህዝቢ ክሰዎም፡ ብስም ናጽነት ተመቓቒሎምን ብሃገር ተኸፋፊሎምን ዝነብሩ ዘለዉ ኣህዛብን ስርዓታትን እውን ብናጽነት ኣብሎም ናጽነቶምን ሃገሮምን ክዕቅቡ ብዘይምኽኣሎም እዩ።

ጽርይቲ ናጽነት፡ "ከም'ዚ እንተ ገይርኩ ናጽነት ክንህበካ ኢና" ዝብል ዋጋ ዕዳጋ ወይ መኩሓሓሲ ኣየድልያን እዩ። ናጽነት ዝጠልብ ህዝቢ፡ እንተስ ብቓልሲ እንተስ ብኻልእ መንገዲ ዝወለኦ ናጽነት ክረኽብ ኣለዎ ደኣ'ምበር፡ ብፍጹም ናጽነቱ ንኽረኽብ ኢሉ ከማልኦ ዘለዎ ቅድመ ኩነት ክቕርበሉ ኣይግባእን። ምኽንያቱ "ናጽነት" ማለት፡ ናጽነት ጥራይ ስለ ዝኾኑ።

ክንደይ ህዝብታት እዮም ደቂ ሓንቲ ሃገር ክሰዎም፡ ብምኽንያት "ናጽነት" ንሓድሕዶም ተተፋኒኖም ኣደዳ ሞትን ፅንወትን ኮይኖም? እቲ ላዕለዋይ ጉልባቡ ናጽነት እዩ። እቲ ሕብእን ትኽክለኛን ወጽኢቱ ግን ምንጻጻል፡ ኑቲ ጥሙር ሓይሊ ብምብታን፡ ቁጠባዊ ወተሃደራዊ ፖለቲካዊ. . . ምድኻም፡ ርግኣትን ሰላም ከም ዘይህሉ ምግባር፡ ሰላም ምኽላእ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነት ኢድ ብምእታው ረቡሓኻ ምሕላው. . . ምኻኑ ግሁድ ተመኪሮ ዓለምና ኩይኑ ኣሎ።

ናጽነት ማለት፡ ብዘይድልየት ወይ ብጸቕጢ፡ ኣብ ናይ ካልኦት ኣተሓሳስባ፡ ሕርያ፡ ዕላማ. . . ዘይምምርኳስ እዩ። ንናጽነትካ ብናጽነት ምንዳይን ምዕቃብን ማለት እዩ። ኣብ ታሪኽ እዛ ዓለም፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ወጹዓት ኣህዛብ ናጽነቶም ንኽረኽቡ ብዓይኒ ሓቂ እንክሪኦ፡ ዘይግባእ ማስዋእቲ ከፊሎም፡ ንዓመታት ሰላማዊ ህይወት ተሓሪሞም፡ መጻኢ ዕድሎም ጸኒኑ፡ ኣብ ህሙሽ ናብራ ተመሪሖም. . . ጸብጺብካ ዘይውዳእ ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ወጽዓ ወሪዱዎም እዩ። እቲ ዝበርም ወይ ዘሕዝን ከኣ፡ እዚ ኹሉ ኣደራዕ ከም ዘይነበረ ተቐጺሩ፡ ናጽነቶም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ እንክሎ እዩ።

ብቓደሙ እውን እኳ፡ እቲ ፈጺሙ ክወሰድ ዘይግብኦ፡ ናጽነት እዩ ነይሩ። ኩሉ ሰብ፡ ናይ ካልኦት ናጽነት ኣኽቢሩ ብናጽነት ክነብር መሰሉ እዩ። ኣብ ሕቶ ናጽነት ምስ በጽሐ ግን፡ "ስለምንታይ ናጽነቱ ተሓተ?" ዝብል ቀንዲ ሕቶ ተገቲሩ፡ ኣብ ጓል መንገዲ ምህውታት ናይ ፈራዶ ዓለምና ኣሰራርሓ ካብ ዝኸውን መዋእላት ሓሊፉ። እዚ ማለት ድማ ሓደ ህዝቢ ናጽነቱ ንኽረኽብ ብናጽነት ክማጎት ዘኽእል ባይታ ከም ዘይብሉ ዘመልክት እዩ።

ንናጽነትካ ናጻ ኾንካ ከተናድየን ክትትብሮን እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ገና ንናጽነት ምቕላስ የድሊ። እዚ ቃልሲ እዚ'ውን ናጽነት ክህልዎ ኣለዎ። ምኽንያቱ ናጽነት፡ ካብ መሰረት ደኣ'ምበር፡ ንዝተኻደቐ ቤት ናሕሲ ምኽዳን ኣይኮነን።

ካብ ግዜ ህዝቡ ዘይመንጨወ ናጽነት፡ ከም ጎደና ድሕረትን ጥፍኣትን እዩ ዝምሰል። እዚ ኩነት እዩ ድማ ህዝብታት ንሓድሕዶም ንኽራጸሙ መንገዲ ዝኸፍት። ህዝብታት ከም ዘይተጠምረ ማእዶ ምስ ኩነ፡ ኑቲ ኩነታት ኣብ ረቡሓኦም ንኽውዕሉ ክቃጸዉ ዝጸንሑ ናይ ማዕዶ ዘወርትን ውሑዳት ተለኣኣኽትን ምቹእ ባይታ ንኽረኽቡ ርሒብ ዕድል ይኸፍተሎም። ብዘይተኣደነ ዋጋ ናይ ህልቂት ኣጸዋር ይሸጡ፡ ጸጋታት ብናጻን ብኮንትሮባንድን ይምዝምዙ፡ ኑቲ ከም ቀንዲ ሰንጋኣት ዝርእይዎ ኑበሸኻ ናይ ምኽኣል ድልየት ወይ ሕልሚ ህዝብታት ናብ ዜሮ ከም ዝወርድ ይገብሩ። ሽዑ ብስም ሰብኣዊ ሓገዝ ቀንጣሮ ሂቦም ካዕበት የግዝኡ።

ኩነታት ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ባይታ ምስ ወረደ፡ ኩነታት ናብ ንብር ምእንቲ ከይምለሰ'ሞ ረቡሓታቶም ደው ከይብል፡ መመለሶም ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ከም ዝዋርግ ይገብሩ። ካብ ሶማል ኣትሒዙ፡ እዘን ሎሚ እንዕዘበን ዘለና ከም ዒራቕ፡ ሊብያ፡ ሶርያ፡ የመን፡ ሱዳን ዝኣመሰላ ሃገራት፡ ግዳይ ብዙሓት ናይ ባዕዲ ኣእዳው ዝኾና እየን። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ሕንፍሽፍሽ ንኽኣትዋ ዝወሰዶ ግዜ ሓጺር እዩ። ካብ'ዚ ዝቕጽል ንኽወጽኣ ግን ብጸዕሪ ሞት ትልኽ ዝበላ እዋን ሓጺር ኣይኮነን። ገና ድማ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክሳስን ምቕትታልን ግዜ ይዕብር ኣሎ።

እዚ ማለት ድማ ሕጂ እውን እንተ ኾኑ ህዝብታት ይኹኑ መንግስታት እዘን ሃገራት፡ እታ ንኹሉ ህዝቢ እትምልከትን ዋንኡ ዝኾኑትን ናጽነት፡ ብናጽነት - ማለት ብዘይኣእዳው ጓኖት ከጥዕዩዋ እንተ ዘይክኢሎም፡ ኣንፈቶም ኣጥፊኦም ኣብ ዕንክሊል ክነብሩ ክግደዱ እዮም።





## መጎስ ቅማሬኡ

ቅኑዕ ርጡብ መሪሕነት
ጸጋ ሕመረቱ ህዝቢ
ያታኡ ክብረት ደቂኣዳም
ጽንሱ-ሓሳቡ ሓቡሓቢ፡

ስግኣት ኣልቦ ዘድግም ቃሉ
ሓላዪ እፎይታ ማስተርሆት ንኹሉ፡

ጡብ እታ ለዋህ ኣደ ኣዕገቢ ሰንቂ
ተኽሊ ህይወት ሩሕ መምህር ሕቁ፡

ምስ ኩሉ ጸጋማቱ ረሰዑ ኣፍሱ
ዝቃለስ ክርኢ ኣደማምዊ ፍትሒ ነቢሱ፡

መንኑቱ ክብረት ሃይማኖቱ ኤርትራ
ሰዋእቱ ጽላት ታቦቱ ጥንዱራ፡

ስጡም መሳርዕ ካብ ጥንቱ በዓል ቅያ
ዘይኽሸፍ ዋዕዲ ንኮቶ መጻወድያ፡

ርእሰምርኮሳ ዝጭርሓሉ ዕወት መርሃ
ግዝሪ
ጉት ኤርትራ ዝፈጠረ ካብ ሽኣላዊት
ምድሪ፡

ዕምሪ ፈብሪኮ ሓሶት ብዘበምታ
ዘዐበኑ ሂዓኡ
መጋበርያ ወዲ መጫሓርያ ቅኝሚዱ
ኣጥፊኡ፡

ቅያ ስጡም ማስርዑ ንሓንጽርቲ
ቅልውላው ዘርዓደ
ብርትዒ ምንባር ብፍልጡት እናዋደደ
ብደመ ማስዋእቱ መጎስ ቅማሬኡ
ኣግዘደ!!

**ማርቆስ ገብርኣብ (ቆሺ)**


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅያ ስጡም መስርዕ!

## ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

(መበል 11 ክፋል)

ሰለሙን በርሀ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ስርዓት ደርግ ንክልተ ዓመት መመላእታ ሰፊሕ ምድላዋት ገይሩ ናይ መወዳእታ ወኺን ኢሉ ዝሓሰቦ ግዚፍ ወራር ኣብ ለካቲት 1982 ጀሚሩ ክሳብ ሰነ 1982 ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ብፍሽለት ከምእተደምደመ ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ደስዑቡ- (ኣብ ኣጸዋወዳ ኣሰማት ኣሃዱታት ጾላኢ፡ ክፍሉጦር ዝብል ንክፍለሰራዊት ዘመልክት ምኻኑ ንሕብር)

### ቕብዓይ ወራር - ሰላሕታ



ከጥቕዕ ዝተመደበ እዩ። ብሮንባር ናቕፋ ከኣ ንክፍሉጦር 19፡ 21፡ 22 ኣሰለፈ። ኣብ ፊሎማ ናይዚ ወራር'ዚ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ክፍሉጦር 19 ብጼጋማይ ክንፊ ከበቢ ሾሊባል (መንደዓት) ደጋጊሙ መታለሊ መጥቃዕቲታት ብምግባር፡ ንገለ ድፋዓት ህዝባዊ ሰራዊት ተቈጻጺሩ ነበረ። ክፍሉጦር 21 እውን ብማእከል'ቲ ግንባር፡ ማለት ከበቢ ግሎብ፡ ሪገለ ክጥሕስ ፈቲኑ ነይሩ። ክፍሉጦር 22 ብወገኑ፡ ናብ ከበቢ ስትራተጂያዊ ጎቦ ሸገ ብምጥቃዕ፡ ምስቲ ካብ ኣፍዓበት ተበጊሱ ብመንጎ ግንባራት ናቕፋን ሓልሓልን ዝበረ ሰፊሕ ከፉት መሬት ክበስዕ ዝቐለ ክፍሉጦር 18 ይደጋገፍ ነበረ። እቲ ዕላማ ንዕርድታት መሉብሶ ብምስባር፡ ናብ ኣሰማጥን ዛራን ብምውራድ፡ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ግንባር ናቕፋ ምስ ረቕቐ፡ ናቕፋ ምቁጽጻር ነበረ።

ሰራዊት ደርግ ኣብ ምጅማር እቲ ወራር፡ ነቲ ብውሑድ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ዝተታሕዘ ግንባር ሓልሓል ንምፍራስ ብኽልተ ክንፍታት ወፈረ። ካብ ግንባር ናቕፋ ዝተበገሰ ሰራዊት ብሸነኽ የማን ንዝበር ክንቀሳቐስ እንከሎ፡ እቲ ብሮንባር ሓልሓል ዝተሰለፈ ብሰበር ኣብሉ ነቲ ግንባር ብኩሊትን ብድሕሪትን ክወቕዮ ጀመረ። በዚ ድማ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ካብ ሓልሓል ንድሕሪት ናብ ከበቢ ኣሰማጥ ከዝልቕ ተገደደ። ብወገን ሮራ-ሓብብ እውን ጾላኢ ጸቕጢ ስለ ዝፈጠረ፡ የማናይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ ተተንከፈ። 'ውቃው እዝ' ብወገኑ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ጸማዲ ምንቅስቓስ ክገብር ይህቕን ነበረ። ሰራዊት ደርጊ ኣብ መንጎ ግንባራት ሓልሓልን ናቕፋን ንዘሎ ሸንኪ ክቡብ ብዕራይ፡ ላብ ገዱ ምስ ተንቀሳቐሰ፡ ግንባር ናቕፋ ካብ ሮራ፡ ብደብረ-ዝበዳት፡ ወግሪት ሾካ ኣቢሉ ምስ ኣሰማጥ ከም ዝተኣሳሰር ተገብረ። በዚ ድማ ግንባራት ናቕፋን ሓልሓልን ተላገቡ። ብተወሳኺ ደርጊ ብቦርካ ብሸነኽ ከር ስለ ዝወፈረ፡ ግንባር ኣሰማጥ ብየማን ምስ ኢሮታ፡ ደብረ-ቅዱስ፡ ባብየሻ፡ ባሩና፡ ኢነካን ከምዝተኣሳሰር ተገብረ። እቲ ቅድም ጠበይት ዝነበረ ግንባር ባርካን ግንባር ሓልሓልን እውን ተኣሳሰረ። ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ኣቐዲሙ ኣብ ሻድሻይ ወራር ተኣሳሲሩ ስለ ዝነበረ ከኣ፡ ኩሉ ግንባራት ብዘይ ከፉት ሰንሰለት ኣቖሙ። እዚ ካብ ደምበት (ከበቢ ቅሮራ) ብናቕፋ ሓሊፉ ብሓልሓል ናብ ባርካ ወሪዱ ክሳብ ኢነካ ዝዝርጋሕ ዕርዲታት፡ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ወራራት ደርግ ዝተመከተሉን ዝተሓምሸሸሉን ሰንሰለታዊ ዕርድታት ኮይኑ፡ ንውሓቱ 667 ኪ.ሚ. ይበጽሕ ነበረ።

እቲ ብዙሕ መናወራ ዝተገብረሉን ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ናይ ዓወት ዳንኬራ ዝተተኽለሉን ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ (ሻድሻይ ወራር) ብፍሽለት ምስ ተደምደመ፡ ስርዓት ደርግ ተስፋ ቁሪጹ ኣይዓረፈን። እኳ ድኣ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሻድሻይ ወራር ብዙሕ ተሃሰዩ ክኸውን ከምዝኽእል ብምግማት፡ ካልእ ወራር ንምብጋስ ኣብ ቅልጡፍ ምውድዳብ እዩ ኣትዩ። እንተኾነ ሻድሻይ ወራር እዚ ኹሉ ዳንኬራ ተገይርሉ ዘይተዓወተ፡ ደርጊ ነዚ "ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ኢሉ ዝሰመዮ ወራር፡ ዝኾነ ምውዕዋዕ ከይገበረ፡ ሰላሕ ኢሉ እዩ ጀሚሩዎ። እዚ ብ23 መጋቢት 1983 ዝጀመረ ወራር'ዚ ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ ጀነራል ፔትሮቭን መሳርሕቱን ካብቲ ቅድሚኡ ዝተኻየደ ወራራት ንላዕሊ ብንጥፈት ዝተዋስኡሉ እዩ።

ሻድሻይ ወራር ክዕወት ዘይከኣለ፡ ኣብቲ ጸንዐ ዕርድታት ዝርከቦ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ስለዝተኻየደ'ዩ ብዝብል ገምጋም ከኣ፡ ኣብዚ ወራር'ዚ ዘውጸእዎ ውጥን፡ ካብ ሓልሓል ክሳብ ባርካ ጸንዐ ዕርድታት ኣብ ዘይብሉን ከም ድላይካ ዝተዓጻጸፍ ሰፊሕ ዝርግሐ ኣብ ዘለዎን ቦታታት፡ ንዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ብምምጣጥን ናይ ምትዕጽጻፍ ዓቕሙ ብምንካይን ኣብ መወዳእታ ኣብ ነዊሕ ውግእ ብምጽማድ ንምስዓሩ ዝሓለነ ነበረ። እዚ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ወራር፡ ካብ ካልኦት ወራራት ፍሉይ ዝገብሮ፡ ስርዓት ደርግ ካብ ፊሎማ ሓደን ወዳእን ናይ መጥቃዕቲ ኣንፈት ሒዙ ዘይምንቃሉ እዩ። ኣብቲ ውግእ ዓቕምን ኩነታትን ህዝባዊ ሰራዊት እናገምገመ ስጉምቲታት ብምውሳድ ክተዓጻጸፍ እዩ መሪጹ።

ኣብዚ ወራር'ዚ ደርጊ ንክፍሉጦራት 2፣ 3፣ 18 ምስ መካናይዝድ ኣሃዱታት ኣብ ሓደ እዚ ጠርኒፉ "መንጥር እዝ" ዝተባህለ ሓድሽ እዚ ኣቑመ። እዚ ሓይሊ'ዚ ብሮንባር ሓልሓልን ባርካን ካብ ደምበት (ከበቢ ቅሮራ) ብናቕፋ ሓሊፉ ብሓልሓል ናብ ባርካ ወሪዱ

ስርዓት ደርግ ኣብ ሰላሕታ ወራር ግንባራት ብምምጣጥ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣርቂቑ ኣብ ዝደኸመ መላግቦ ክፍንጥስ እዩ ወጢኑ። ኩሉ ግንባራት ንሓድሕዱ ምስ ተኣሳሰረ ዝተፈጥረ ቀንዲ ጸገም ካብ ደጀን ንድሕሪ መስመር ጾላኢ መተሓላለፊ ቦታታት ምዕጻው ነበረ። እቲ ውግእ ንኣስታት ሓሙሽተ ኣዋርሕ ስለ ዝቐጸለ እቲ ሽዑ ዝተፈጥረ ጸገም ቀሊል ኣይነበረን። ቀስ ብቐስ ግን ጸረ-መጥቃዕቲታት እናተወሰደ፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ እዚ ኣብቲ ዝወሓለ ግንባር ኣንፈታት እናቐያየርካ ዝተፈተነ መጥቃዕቲታት ክዕርዕን ጀመረ። ኣብ ሓምለ 1983 ብሸነኽ ባርካን እሮታን ዝበረ ሓይሊ ጾላኢ መጥቃዕቲ ተገይሩሉ ሃደሽደሽ በለ። ብሸነኽ ኣሰማጥ ብዝተወሰደ ጸረ-መጥቃዕቲ ከኣ ሰራዊት ደርግ ናብ ዝበን ዓሰርተ ክሳሕብ ተቓሰበ። ብሸነኽ ሩባ ዓንሰባን ከበቢ ደብረ-ዝበዳትን ጸረ-መጥቃዕቲ ምስ ተወሰደ ከኣ ጾላኢ ናብ ገርሳሕቶን ደብረ መሓርን ወርጨጋን ክሰብሰብ ተገደደ። በዚ ድማ እቲ እምብዛ ተመጣጢጡ ዝነበረ ግንባራት ሓልሓልን ባርካን ናብ ዝጸበበ ቦታ ከምዝእከብ ተገብረ።

ኣብ ሰላሕታ ወራር ካብ ከበቢ ሮራ ላባ ጀሚርካ ክሳብ ባርካ፡ ብፍላይ ኣብ ግንባር ሓልሓልን የማነ ጼጋም ሩባ ዓንሰባን እቲ ዝበርትዐ መሪር ኩናት ዝተኻየደሉ ቦታ እዩ። በዚ ድማ ኣብ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዝበሩ ኣሃዱታት፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግንባራት ደገፍ ንምግባር ክንቀሳቐሳ ግድን ነበረ። ቡቲ ኣብ መወዳእታ ዝተወሰደ ወሃዲ ጸረ-መጥቃዕቲታት ድማ ሰላሕታ ወራር ኣብ ነሓሰ 1983 ኣብቅዐ። ኣብዚ መሪር ውግኣት'ዚ ኣብ መንጎ'ቶም ስለ ናጽነትን ማሰል ህዝቢን ዝሓለፉ ብዙሓት ሰማእታት፡ ኣዛዚ ብርጌድ 58 ዝነበረ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ተወልደብርሃን (ወዲ-ፍላንሳ) ኣብ ግንባር ሓልሓል "ባሕሪ" ዝበሃል ቦታ ክስዋእ እንከሎ፡ መጀመርታ ተጋዳሊት ማርያም ኣሰረስ (ጓል ማማ) እውን ኣብቲ ወራር ብጸጋሚ ሮራ ሓብብ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ምስዉኣ ካብ ዝኾሩ ተጋዳላይ ዘይሃስስ ፍሉይ ፍጻመ ነበረ።

### መድረኽ ጃላት

ካብ ምጅማር ቀዳማይ ወራር ሰነ 1978 ጀሚሩ፡ ክሳብ ፍሽለት ሻብዓይ ወራር ነሓሰ 1983 ኣብ ዝበረ 5 ዓመታት፡ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ መጥቃዕቲ፡ ሰውራ ኤርትራ ድማ ኣብ መድረኽ ምክልኻል እዩም ነይሮም። ድሕሪ ፍሽለት ሻብዓይ ወራር ግን፡ ሓይሊ ጾላኢ ኣዝዩ ስለዝተዳኸመ፡ ጸብለልትነት ጾላኢ ዘብቅዓሉ ኩነት ተፈጥረ። ሰውራ ኤርትራ እውን ንኹሉ ወራራት ብዐቕዓት መኪቱ እኳ እንተፍሸለ፡ ጸብለልትነት ጨቢጡ ናብ መጥቃዕቲ ክሰጋገር ኹ ሓይሊ ክድልብ ነይሩዎ። ስለዚ ድማ እቲ ዝቐጸለ መድረኽ ናይ ጃላት መድረኽ ተባሂሉ እዩ ዝጥቀስ። ኣብዚ ናይ ጃላት መድረኽ ህ.ግ. ዝወሰዶ ቀዳማይ ተበግሶ እቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1984 ኣብ ልዕሊ ከተማታት ተሰነይን ዓሊግድርን ዘካየዶ ዕውት መጥቃዕቲ እዩ። ወርሒ ኣብ ዘይመልአ ግዜ ድማ እንደገና ነቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓሪዱ ዝነበረ "ውቃው-እዝ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንምድምሳስ ብ22 ለካቲት 1984 ሰፊሕ መጥቃዕቲ ፈንዩ። እዚ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ግን ኣይተዓወተን። ይኹን'ምበር እንደገና ወርሒ ኣብ ዘይመልአ ግዜ ዳግም ተወዲቡ ካብ 19 ክሳብ 21 መጋቢት 1984 ብዝፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ነቲ ልዕሊ 6,000 ሰራዊት ዝነበሮ ውቃው እዝ ብዘይመላለስ ኣውያት ኣኽቢቡ ብምጭፍላቕ ዓጢቕዎ ዝነበሮ ኣጽዋርን ተተኳሲን ካልእ ብዙሕ ንብረትን ብምስኣብ ናይ ተኹሲ ዓቕሙ ክብ ኣበለ።

ስርዓት ደርግ ቡቲ ኣብ ሻዱሻይን ሻብዓይን ወራር ዘቐየዶ ብርቱዕ ወግእን ድሕሪኡ ዝሰዓበ መጥቃዕቲታት ህዝባዊ ሰራዊትን ዓቕሚ ሰራዊቱ ኣጸቢቑ ክዳኸም እንከሎ፡ ብኣንጻሩ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ክሰርሖ ሃገራዊ ጸወዒት ተቐቢሎም ብዙሓት መንእሰያት ክድበሱ ክኣሉ ነበረ። በዚ ድማ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1984፡ ኣቋውማ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናብ ደረጃ ክፍላተ-ሰራዊት ዓበየ። ሽዑ ዝቖመ ክፍላተ-ሰራዊት፡ ክልተ ብርጌዳት ዝሓዘ ኮይኑ፤ ፊሎማ ብርጌዳት 44ን 23ን ንክፍለ-ሰራዊት 70 ማስረታ። ኣብ ድሕሪ ማስመር ዝነበረት ክፍለሰራዊት 101 ምስ ተሓወሰተን ከኣ ንክፍላተ ሰራዊት 70ን 16ን ኣቘማ። ብርጌዳት 51ን 80ን ተሓዊሰን ንክፍለሰራዊት 52 መስረታ፣ ብርጌዳት 4ን 58ን ንክፍለሰራዊት 96 ኣቘማ። ብርጌዳት 31ን 70ን ንክፍለ-ሰራዊት 61 መስረታ። ብርጌድ 77 ምስ ኮባዊ ሰራዊት ተሓናፊጻ ከኣ ክፍለ-ሰራዊት 85 ቈመት። ኣብ ብርጌድ 76 ዝበራ 1ይን 2ይን 3ይን ቦጦሎኒታት ኣጋር ከበድ ብረት ብቡሓዩሊ ኣብዘን ኣጋር ብርጌዳት ፋሕ ከምዝዝበኣ ተገብረ።

4ይን 5ይ ቦጦሎኒታት ናይ ብርጌድ 76 ዝበራ መካናይዝድ ኣሃዱታት ከኣ፡ ብደረጃ ክፍለሰራዊት ብ4 ብርጌዳት ከምዝቖማ ተገይሩ፡ ነፍሲ ወከፍ ብርጌድ ሰለስተ ቦጦሎኒታት ማለት ቦጦሎኒታት ታንክታ፡ መድፍዕ ረሻሽ ከምዝሀልዋ ተገብረ። እዚ ክፍለሰራዊት'ዚ ድማ መካናይዝድ ክፍለሰራዊት 74 ተባሂሉ ተሰምየ። በዚ ማስረት፡ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ናብ ሽዱሽተ ኣጋር ክፍላተ-ሰራዊት ምስ ሓደ መካናይዝድ ክፍለ-ሰራዊት ዓበየ። ብዘይካ ማእከላይ ወተሃደራዊ ሃንደሳን ሰሊያን ከኣ፡ እተን ኣብ ብርጌዳት ብደረጃ ጋንታታት ዝበራ ኣሃዱታት ሰሊያን ሃንደሳን ምስ ምቛም ክፍላተ-ሰራዊት ናብ ደረጃ ሓይሊ ከምዝዕበያ ተገብረ።

ድሕሪ ምድምሳስ ውቃው-እዝ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ድሕሪ ማስመር ዘካየዶ ዝበረ ደባይን ተንቀሳቓስን መጥቃዕቲታትን ተርግኣትን ብስፋሓት ቀጸለ። ካብዚ ስርሒታት እዚ ጎሊሑ ዝጥቀስ እቲ ኣብ ግንቦት 1984 ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝፈጸሞ 33 ነፈርቲ ውግእ ጾላኢ ዝደምሰሰ ስርሒት ኮማንዶ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ኣውራ ኣብ ደቡብ፡ ሰሜንን ምዕራብን ኤርትራ፡ ብዙሕ ማጠነ ንኡስ መጥቃዕቲታትን ተርግኣትን ብምኽያድ፡ ንዓቕሚ ሰራዊት ጾላኢ ኣጸቢቑ ኣዳኸሞ። እዚ መጥቃዕቲታት'ዚ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምድያብ ድማ ኣብ ሓምለ 1985 ኣብ ልዕሊ ከተማ ባረንቱ መጥቃዕቲ ፈነወ። ባረንቱ ኣብቲ ብዙሓት ከተማታት ኤርትራ ብሰውራ ኤርትራ ሓራ ዝኾናሉ መድረኽ 1977-1978 ጾላኢ ተሪሩ ዝመከተላ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ዘይኣተወት ከተማ ስለዝነበረት፡ ደርግ ከም ሕላገት ጸግዓቱ እዩ ዝወስዳ ነይሩ። በዚ ድማ ምትሓዝ ባረንቱ ንስርዓት ደርግ ኣብ ፍጹም ነውጺ ኣእተዎ።

ክንዲ ዝኾነ ንሰራዊት ህ.ግ. ካብ ባረንቱ ንምልቃቕ ካብ መላእ ኢትዮጵያ ክኣኻኸቦ ዝኸኣለ ሓይሊ ኣኪቡ ብምምጻእ ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ፈንዩ ንከተማታት ባረንቱ ተሰነይን ዓሊግድርን ደጊሙ ተቈጻጺረን። ኣብኡ ከይተሓጽረ እውን ሰራዊት ህ.ግ. "ኣብ ውግእ ባረንቱ ተዳኺሙ ኣሎ" ብዝብል ግምት፡ ናብቲ ቅድሚ ምድምሳስ ውቃው-እዝ ዝበሮ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዳግም ብምምላሱ ብግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ሓድሽ ወራር ኣበገሰ። እዚ "ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ" ዝሰመዮ ሻመናይ ወራር፡ ብ10 ጥቅምቲ 1985 እዩ ጀሚሩ።

ይቕጽል





# ቅያ ስጡም መስርዕ !

## መበል 32 ዓመት ጽንብል ናጽነት













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ - ኣርካይቭ ጨንፈር ስእሊ

ሽባብ
ሃማመተኤ

ዛዕባ ኬሚ

# እናሰሓቑ ጸሓይ ዘብረቑ




*ስምኦን ወልደሚካኤል*

ስሓቕ ቡቲ ዘጋጠመካ ነገር ከይትወሓጥ ዘገላግል ጥበብ ሓያላት እዩ። ኣብ ጽንኩር እዋን ገድልን መኸተ ኣንጻር ወያነን ዝተሳተፉ መንእሰያት ነቲ መዓልታዊ ዘጋጥሞም ብድሆ ዝብድህ ዋዛታት ብምስራሕ ኣብ ዘየስሕቕ ኩነታት ክስሕቁ ክኢሎም እዮም። እናሰሓቑ ሳላ ዝተጋደሉ ንምረት ኩናት ተጻዊሮም ሰዓርቲ ኾይኖም ወጺኦም። ኣብ ኤርትራ ክንድ'ቲ ተጋደልቲ ዝሰሓቕዎ ስሓቕ ዝሰሓቐ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ክንድ'ቲ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝዋዘይዎን ዝስሕቕዎን ዝዋዘዩን ዝስሕቑን ይህልዉ'ዶ? ስሓቕ ብስሓቑ "ስኒ ዓሻ ቁሪ ወድኦ" ዘይበሃል ስሓቕ!

ስሓቕን ዋዛን ንተጋደልቲ ኣብ ምዕንታር ዝነበሮ ብጽሒት ክንደይ ኽኸውን ከም ዝኽእል ሓሲብናሉ ንፈልጥ'ዶ? ኣብ ጉዕዞ፡ ኩናት፡ ሓለዋ፡ ትምህርቲ፡ ማእቶት ... ተጻዊጉ ዝተሳእለ ተጋዳላይ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ኣካሎም ተበጂሉ፡ ደሞም መሬት ከጥልል እናዛረየ ውን ፈገግታ ካብ ገጽ ተጋዳላይ ኣይረሓቐን። ኤርትራ፡ ትሕቲ መሬት ንኽሰፍሩ ብሓጎስ ዝሰራሰሩ፡ "ዓወት ንሓፋሽ" እናጨርሑ ዝቐበሩ ተዋጋእቲ ከተፍሪ ዝኸኣለት ሃገረ ጅግንነት'ያ። እናሰሓቑ ጸሓይ ዘብረቑ፣ እናሰሓቑ ከም ጨው ዝሓቐቑ፣ ጨው ኮይኖም 'ጨው ዘይብሉ' ካብ ምዃን ዘድሓኑና ጀጋኑ ወትሩ ይዘከሩ፡ ይኽበሩ።

ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዝኽሪ ናይቶም ዓበይቲ ዓወታት ዝሓፈስናሎም ወተሃደራዊ ስርሒታት ብብደረጃኡ ኣካይድና ኢና። ምሕራር ትእምርቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ከተማ ናቕፋ (23 መጋቢት 1977)፡ ምድምሳስ ናይ'ቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓሪዱ ዝነበረ ውቃው እዝ (19-21 መጋቢት 1984)፡ ምድምሳስ ዝዓበየ ናይ ደርግ መግዛእታዊ ሓይሊ ዝነበረ ናደው እዝን ምሕራር ኣፍዓበትን (17-19 መጋቢት 1988)፡ ስርሒት ፈንቅል ገለ ካብቶም ፍሩያት ተዘክርቲ ስርሒታት እዮም። እዞም ስርሒታት እዚኦም ንመግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ኤርትራ ካብ ሱሩ ዘነቓነቑ ውሕሉላት፡ ቅልጡፋት፡ ጽፉፋት ወተሃደራዊ ስርሒታት እዮም። እንሆ ኸኣ ሕጂ መላእ ኤርትራ ሓራ ዝወጸትሉ መዓልቲ ናጽነት ንጽንብል ኣሎና።

እቶም ንጸሓይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዘዕረቡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ጸሓይ ኤርትራ መሊኣ ንኽትበርቕ ዘይጋልህዎ ደበና ኣይነበሮምን። ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እቲ ጸላም ናይ መግዛእቲ ብብልጭታ ናይቲ ድሃይ ሓርነት ዘብስር ተኹሲ ተጋደልቲ ተተርቢዑ ባና ብርሃን ናጽነት ብቐረባ ዝረእየሉ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ። ፍሽኽታ ናይቶም ንሕሱም ናብራ ዘረብረቡ ተጋደልቲ ዝፈጠሮ ብልጭታ'ውን ማዕረ ማሕታ ብረት እዩ ነይሩ። ፍሽኽታ ተጋደልቲ ካብ ምድማቑ ዝተላዕለ ኣብ ለይቲ ውን በሪሁ ይርእ'ዩ። በሪሁ ዝርእ፡ ንኽትሪኦ ዝብርሃካ፡ ንኽባቢኡ ከኣ ዘብርህ ፍሽኽታ ተጋደልቲ፡ እቲ እንኮ ምንጪ መብራህቲ ኣብቲ እዋን ጸላም መግዛእቲ'ዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ዓውደ ውግእ እናተቐትለን እናተቓተለን ዝስሕቕ ተዋጋኢ ሓይሊ ክሃንጽ ብምኽኣሉ'ዩ ሕልሚ ህዝቢ ኤርትራ ከሰምር ዝኸኣለ።

ተዋጋእቲ ኤርትራ መሬት ክንዲ ዕንቑ ኾይና፡ ሸግር ገቢሉ ክውሕጦም ክንቑ እንከሎ ካብ ምስሓቕ ዓዲ ኣይውዕሉን። ነጎዳ ስሓቕን ፈገግታን ተዋጋእቲ ኤርትራ ከም በርቂ ንጸልማት ሰማይን ምድርን ዝቐድድ ሓይሊ ኣለዎ። ኣብ ማእከል ሸግር ኮይኑ ብርሃን፡ ተስፋን ሓይልን ዝህብ ስሓቕ ክስሕቕ ዝኽእል ሰብ ዝጉንጹ የብሉን። ኣይጽልምቶን፡ ንያቱ ኣይዓርቦን፡ ሓይሉ'ውን ኣይደኽሞን። ክሳብ ንትንፋሱ ካብ ኣካሉ ትፈላሊ ጥይት ትረኽቦ ይዋጋእ፡ ይውጋእ፡ ምውጋእ ይቕጽል። ኣብቲ ግራት ሞት ብቓልዕ ወጽዩ እናተዋግአ ይቕኒ። ሞት ንዘደፍራ ድፍረት ግዲ ዘይብላ ኮይኑ ይቕኒ። ብጾቱ ቀቢሩ ኳይላ ተኺሉ የኹድድ፡ ይትክዝ፡ የስተንትን፡ ስ ግን ኣይገድፍን።

ጽሓይ ናጽነት መሊኣ ኣብ ግንቦት 24, 1991 እያ በሪቓ። ይኹን ደኣ እምበር፡ መንእሰያት ተጋደልትን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ኣብቲ ጸሊም ደበና መግዛእቲ ከም ግመ ባሕሪ ኣራጢጡ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ጸዳል ናይታ ድሒራ ዝበረቐት ጸሓይ ናጽነት ይረኣዮም ነይሩ እዩ። ኣብ ጸላም



ኮይንካ ምርኣይ ሓደ ካብ ፍሉያት ትዕድልቲ ተጋዳላይ እዩ ክበሃል ይከኣል። እናጠመኻ፡ እናቖረርካ፡ እናተቐንዘኻ፡ እናሞትካ ምስሓቕ መለለዩ ባህሪ ተዋጋእቲ ኤርትራ እዩ።

መዘና ኣልቦ ሓይሊ፡ መዘና ኣልቦ ስርዓት፡ መዘና ኣልቦ ንያት ተጋደልቲ ተሓዋዊሱ ንመግዛእቲ ካብ ሱሩ ፈንቂሉ ናጽነት ተኺሉ። መግዛእቲ ንምእላይ ኣብ ኣኽራናት ሳሕል ዓሪዱ ክረባረብ ዝጸንሐ ተጋዳላይ ናብ ጎላጉል ወሪዱ ከም ሓያል ውሕጅ ንጸላኢ ሓጺቡ ናብ ባሕሪ ኣጥሒልዎ። መወልዒ ናይታ ንመላእ ኤርትራ እተብርህ ናጽነት ኪኖ ቀጣን ሲጋለት ከም ዘላ ኣሚኑ ነቲ ሓዊ ዘፍሰስ ዝነበረ ጽዉድ ኣጽዋር ከም 'እንቛዕ ድሓን መጻእኩም' ዝብሎም ነጻጊ ዕንበባ ቀጺሮም ጠኒኖም። ኣብታ ቀጣን መገዲ እናተኮሱ፡ እናተተኮሱ ኣብ ገጾም ትብዓት እምበር ቅብጸት፡ ሃንቀውታ እምበር ዕርበት፡ ፍሽኽታ እምበር ጽውግታ ኣይተራእየን። ተጋደልቲ፡ ስሓቖም እምበር ቃንዛኦም ንጸላኢ ከየስምዑ ሳላ ዝተሰማምዑ ገድሎም ኣድሚዑ።

ድሕሪ ነዊሕ ስቓይ፡ መግዛእቲ ንምእላይ፣ ኣብ ኣኽራናት ሳሕል ጸጊቡ ሕለቱ፡ ዉፉራት ኣሕዋቱ ንዓዲ ንኸእቱ፣ ጉታ'ይሉ ኩቲቱ፣ ኪኖ ቀጣን ሲጋለት ከም ዘሎ መስተርሆት ኣስተብሂሉ ጠሚቱ፡ ካብ ጎቦ ወሪዱ ኣብ ጎልጎል ዓሪዱ፡ ጸልእቱ ኣኺዲዱ፡ እዚ ኩሉ ክገብር ግን ስሓቕ ኣይገደፈን እቲ ተጋዳሊ እቲ ስሓቕ ግዲ ዝፈጥረሉ ኮይኑ ሓይሊ። ኣብ ዛዛሚ ኩናት ውግእ ደቀምሓረ፡ ውሕልነት፡ ቅልጣፈን ተጋዳላይ ተመስኪረ። ሓሞት ጸላኢ ፈሲሱ፡ እቲ ተታዕናኒ ሓመድ ልሒሱ፡ 'በእናቴ' እናበለ ከማልድ ሰጊዱ። እቶም ስሓቕቲ ተጋደልቲ ማልዶት ደርጋውያን ርእዮም ገሪምዎም መሊሶም ስሒቖም፣ ግን ኣይጨከኑን ምሕረት ሂቦም ኣሳልዮም መረብ ኣስጊሮሞም። ዓወት ገድሊ ኤርትራ፡ ውጥን ሰብ ጽሩራ ብውጥን ሰብ መትከል፡ ሓይሊ ብዙሓት ከኣ ብሓይሊ ውሑዳት ክብተን ከም ዝኽእል ዓለም ክትምልከቶ ኣብቒት ክኸውን ታሪኽ ኣቐሚጥዎ ኣሎ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ሚያዝያ 1993 ንዘካየድናዮ ረፈረንደም ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ገርናሉ ኢና። ኣብቲ ቅነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ተጋደልቲ ደቁ ተደባሊቑ ዝሰሓቐ ስሓቕ መሰፈሪ የብሉን። ኣብ 24 ግንቦት 1991 ዝነበረ ሓጎስ ዓቢ'ኳ እንተነበረ ምግራምን ስንባደን ስለ ዝተሓወሶ ካብቲ ኣብ ግዜ ረፈረንደም ዝተሳሕቐ ስሓቕ ፍልይ ዝበለ'ዩ። ውጹእ ስሓቕ ደስታ፡ ዓወት፡ ተስፋ ኣብ ረፈረንደም እዩ ተሳሒቑ።



ቡቲ 'እወ ንናጽነት' ከድምጽ ዝኣጎዶ ኳይላ ሓጎስን ዓወትን ዘይተነቓነቐት ኑብሲ ኣይነበረትን። ኣብ 13 ሚያዝያ 2002 ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ባድመ ናይ ኤርትራ ምዃና ብይን ምስ ሃበ ዝነበረ ሓጎስ ማዕረ ክንደይ ከም ዝነበረ ናይ ቀረባ ተዘክሮ ናይ ዝበዛሕና መንእሰያት ብምዃኑ ምግላጹ ኣየድልን'ዩ።

ድሕሪ ናጽነት ውን ካብ 1998-2000 ዝተካየደ መኸተ ኣንጻር ሃላሊ ሰራዊት ወያነ ጅግንነት ኤርትራውያን ዳግም ተመስኪሩ'ዩ። ናጽነትን ልእላውነትን ኤርትራ ዘቐጽል ወለዶ ሳላ ዝተፈጥረ፡ ንኤርትራ ኣንኢስካ ወይ ቡቲንካ ቤትካ ንምዕባይ ዝተሓልመ ሕልሚ በኒኑ። ዋርሳይ ይከኣሎ ዝቐረቦ መኸተ ንሕልሚ ወየንቲ ኣብ ልቢ ሓለምቲ እንከሎ ሳላ ዝቐተሎ ኤርትራ ቀደም፡ ኤርትራ ሎሚን ጽባሕን ኮይና ትቕጽል ኣላ። እቶም ኣብ ጽንኩር እዋን እናሰሓቑ ታሪኽ ዘወረቑ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ቁራስ መሬት ኤርትራ ክበልዕ ንዘንባሃቑ ብዘይንሕስያ ዘቐጽዑ፡ ዉጡር ትዕቢት ዘንትዑ፡ ሪሙ ዘጽንዕ ምዃኑ ኣመኪሩ ኣሎ።

እናሰሓቑ ጸሓይ ናጽነት ዘብረቑ፡ እናቐረሩ ንዓና ዘሞቑ፡ ተጎኒጾም ዘይንቕነቑ፡ ብስቕታን ፍሽኽታን ዓለም ዘጨነቑ ዘለዉን ዝሓለፉን ጀጋኑና ንዘልኣለም ይኽበሩ።

ሪፖርታዥ

# ጽምብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳስ ፎርቶ/ጸጸራት!

የርዳኖስ ጸጋይ

ቅንያቱ ቅንያት ሓጎስን ደስታን ፍቕርን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኑቲ ብትካቦ ወይ ብትምኒት ዘይረኸቦ ብማስዋእቲ ደቁ ዝምጽኦ ናጽነቱ ንመበል 32 ዓመቱ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብምኳን ብኽብ ዝበለ ሓበን የብዕሎ ኣሎ። ንትርጉም ናጽነትን ሓርነትን ከም ህዝቢ ኤርትራ ገይሩ ዝርድኦን ዘስተማቅርን ካልእ ህዝቢ ኣሎ ምባል፡ ዳርጋ ካብ ክውንነት ምርሓቕ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። እዚ ከኣ ዝሓለፍናዮ ታሪኽ መሪር መግዘእትን ጭቆናን ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።



ቀሺ ታዴዎስ ኢትባረኽ

ናጽነት ንዓና ኩሉ እያ። ንሕሰምናን ውርደትናን ቀንጢጣ ግርማን ሞገስን ዘልበሰትና እያ። ውጽኢት ቃልስናን መስዋእትናን፡ ውጽኢት መኸተናን ጽንዓትናን ብምኳና ከኣ ወትሩ ኣብ ልብና ተዘኪራ እትነብር ዘይትነብርሰ ሓወልቲ እያ።

ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ “ቅያ ስጡም መስርዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እዩ ዝበዓል ዘሎ። ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከብ



ተ/ጋ በርሀ ዓንደብርሃን

ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ነዚ ክብር ዕለት ንምድማቕ ኣብ ከተበአን ንሓድነትን ጽንዓትን ዘኩልዓ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል፡ ዝተፈላለየ መደባት ሰሪዐን ይጸምብላኦ ኣለዋ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጸጸራት ዝርከብ ምምሕዳራት ጸጸራት፡ ፎርቶ፡ ዜናን ሰሬታን፡ ነዚ ዕለተ ናጽነት፡ ምዕሩግ ኮማዊ ዳስ ብምድላውንየን ብሓባር ኩይነን ብኽብ ዝበለ መዓርግ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ጸምቢለናኦ። ናብቲ ብጠንፌራን ጭርሖታትን ዝወቀበ ዳስ እናቐረብካ ምስ እትኸይድ፡ ቀዲሙ ዝኾንፈካ፡ ምሰቲ ኣጋይሽ ንኽእንገድሉ ዝተዳለወ መግቢን መስተን ተቓሚሙ ዝመጽኣካ ፍቕሪ ዝዓሰሎ ሓጎስን እልልታን ኣደታት፡ ኣቦታታ፡ መንእሰያትን ወረስቲ ሕድሪ ዝኾኑ ህጻናትን እዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዳስ ዝጽንሓካ ሃዋህው ሓጎስ፡ ምትሕቝቛፍ፡ ሰላቕ . . . ድማ ኑየም ነዚ ዕለት ከማህዱ ዝሓለፉ ሰማእታትና ብዘኽሪ ኣማእኪሉ ትዕዘቦ። እየም ነዚ ዕለት ከማዕርጉ ዝተፈላለየ ባህላዊ ክዳን ዝለበሱ ተዓጢቕቲ ኣደታትን ኣቦታትን ድማ፡ ናብ'ቲ ዳስ እትው ክትብል ከለኻ፡

“እንቋዕ ብደሓን መጻእካ” ብምባል፡ ሸሻይ ክትቋደሰን ተኻፋሊ ሓጎስ ክትከውንን ይዕድሙኻ። መንእሰያት'ውን ኑቲ ኣብቲ ዳስ ዝቕየድ ዕማማት ከሰላስሉ ብልዑል ወኒ ሳዕልን ታሕትን ክብሉ ትዕዘብ።

እቲ መደብ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ብዘኽሪ ሰማእታታት እዩ ተጀሚሩ። መራሒ መደብ ናይ'ቲ መዓልቲ ኣቶ ገብረሂወት ፋሲል ድማ፡ “ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንቐንጠብጠብ ተደናደንትን ዓንደርትን ዝኢድብ ቅያ ስርሒት ጸረ-መጥቃዕቲ ኣማስኪሩ፡ ኑቲ እጹብ ድንቂ ታሪኽ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዝደረሰ ተወሳኺ ዘሐብን ታሪኽ ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን ይዝከር ብምህላው ፍሉይ ይገብሮ” ክብል እዩ ኑቲ መደብ ከፊቱዎ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 32 ዓመታት ብመሪር ተጋድሎን ከቢድ መስዋእትን ንዝተጎናጸፍናዮ ናጽነትን ልእላውነትን ንምዕቃብ ሰላምናን ሰብኣዊ ክብረትናን ንምውሓስ ሃገርና ኣብ ኩሉ መዳያት ንምጽናዕ ኣብ ዞባውን ዓለምን ተራናን ቦታናን ንምርግጋጽ፡ ንኹሉ ተጻብኦታት ሓያላን ሃገራትን መጋበርያታቶምን ገጢምና ከምዘዕወትና ድማ ገሊጹ። ንሱ ኣሰዒቡ፡ ኩሉ'ቲ ኣንጻርና ዘቐንዐዎ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባዊን ዲፕሎማስያውን እገዳታት፡ ብሓያል ንቕሓት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከምዝበርዓነ ጠቒሱ፡ ሕጂ'ውን መልክዑ እናቐያየረ ዝመጽእ ስርዓትምሮኣዊ ኩናትን ታህዲድን ከም ዝሓለፉ ተጻብኦታት ከምዝስዕር ሓቢሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኑቲ ዕለት ዘድምቑ ዝተፈላለዩ መደባት ሓደ ድሕሪ ሓደ ብህጻናትን ዓብይትን ቀሪቦም።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ በዓል ንዝዘተዓለወሉም እንግዶት ምስ ተቛደሰ፡ ንገለ ስሚዒቶም ከካፍሉና ተወኪሰናዮም ነይርና። ፈለማ ነብይ ቀሺ ታዴዎስ ኢትባረኽ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ኢና ረኺብናዮም። ኣቦይ ቀሺ ታዴዎስ፡ “ነዚ ክብርቲ መዓልቲ ናጽነትና፡ ኣስላምና ክርስትያንና ኣብ ሓደ ዳስ ሓቢርና ኩብዕላ ምኽኣልና፡ ምልክት ሓድነትናን ፍቕርናን እዩ፡ ሓገሰይ ደረት የብሉን” ድሕሪ ምባል፡ ዕለተ ናጽነት፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዘሰጋገሩና ስውኣትና ብመንፈስ እንዝክረላ መዓልቲ ምኳና ኣረዲኦም። ካብ ባርነት ናብ ናጽነት ዝተሰጋገርናላ መዓልቲ ብምኳና ከኣ፡ ልዕሊ ማንም ኣስተማቕሩን ንሕጉሳን ርሃን ዕለት ከምዘይኮነት ኣገዚቦም። “ሕጂ'ውን ነዚ ብማስዋእቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቅና ዝመጽኣት ናጽነትና ብዝምሃዩ እናዓቀብና፡ ብፍቕርን ሓልዮትን ንሓልዋን ንህጸን” ክብሉ ተላብዮም።

ካልእ ኣብ'ቲ ዕለት ተሳታፊ ዝነበረ ኣቶ በርሀ ዓንደብርሃን (ትከኡ) እዩ። ንሱ ነዛ ክብርቲ ዕለት መዓልቲ ናጽነትና ብኽብ ዝበለ መዓርግ ከብዕላ ምኽኣሉ ኣመና ሕጉስ ምኳኑ ገሊጹ። ኣቶ በርሀ፡ ናጽነት ኤርትራ ብገንዘብ ወይ ብወርቂ ዘይረኸብት ብማስዋእቲ ክቡራት ዜጋታት ስለ ዝመጽኣት፡ ወትሩ ተሓፊራን ተዘኪራን እትነብር በዓል ምኳና ኣብሪሁ። ንሱ ወሲኹ፡ ካብ ግዜ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዝበረ ቅያ ስጡም መስርዕ ኤርትራውያን፡ ሕጂ'ውን ኣብ'ዚ መድረኽ መኸተን ህንጸትን ሃገር ቅያ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምምልካት፡ ናይ ሎሚ ዓመት ናጽነት፡ ንሓድነትናን ጽንዓትናን ዝገልጽ፡ “ቅያ ስጡም መስርዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ምጽምባሉ፡ ንዝለናዮ መድረኽን ክውንነትን ዝውክል ምኳኑ ገሊጹ። እዚ ዕለት እዚ ድማ ንስውኣትና ብሓጎስ እንዝክረሉ ረዚን ዕለት ስለዝኾነ፡ ሕጂ እውን እቲ ጽንዓት ዝመስለዩኡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ክሕልዋ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ጽምብል ኮማዊ ዳስ ዝረኸብናያ ወ/ሮ ራህዋ ገብረማርያም ብወገና፡ “ናጽነት መተኣእታ ዘይብላ ሂወተይ'ያ” ክትብል እያ ገሊጻትልና። ንሳ ኣሰዒባ ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ናጽነት፡ ሽርሒታት ወያነ ኣብ ዝበርዓሉ ዓመት ትብዓል ዘላ ስለዘኾነት፡ ድርብ መዓልቲ ናጽነት እያ ክትብል ገሊጻ። “ኣነ ሕጂ ዝተወለድኩ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ ዘሎ” ክትብል ሓጎሳ እልልታ ኣሰንያ ዝገለጸት ወ/ሮ ራህዋ፡ ኣስላማይን ክርስትያንን ኣብ'ዛ መለለዩ ሓድነት ዝኾነት ዳስ ሓቢሩ ምውዓሉ፡ ነዚ ዕለት ዝያዳ ድምቀት ከምዘወሰኸሉ ሓቢራ። እዚ ድማ ጥምረትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ዘኩልዕ ስለዝኾኑ፡ ኣጉዳሱ ዕዙዝ ከምዝነበሮ ኣረዲኣ። ኣብ መወዳእታ ወ/ሮ ራህዋ፡ “ሕጂ'ውን ንኤርትራ ከም ቀደምና ኣብ ጎድንኺ ኣለና እናበልና፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ተሳታፍትና ከዕዝዝ ኣለና” ክትብል ተፋንያትና።

ወ/ሮ ሄለን ዑቕባይ ድማ፡ መዓልቲ ናጽነት ንምድማቕ ኣብቲ ኮማዊ ዳስ ዝተሳተፈት እያ። ወ/ሮ ሄለን ነዛ ዕለት ኣመልኪታ፡ ናጽነት ንዓኣ ምንባር ምኳኑ እያ ገሊጻትልና። ንሳ፡ “ንዓና ንኤርትራውያን ዕለተ ናጽነት ካብ ሞት ናብ ሂወት ዝተሰጋገርናላ መዓልቲ እያ። ካብ ዕለተ ናጽነት እትኸብር መዓልቲ ድማ የብልናን” ብምባል፡ ነዛ ረዚን ዕለት ሓቢርና ከውዕላን ክንዝክራን ምኽኣልና ኣመና ሓጎስ ከምዝፈጠረላ ብሓጎስ ገሊጻ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ርሑስ በዓል ናጽነት ኢሉ።



ወ/ሮ ራህዋ ገብረማርያም



ወ/ሮ ሄለን ዑቕባይ

እቲ ደሙቕ ዕለት፡ ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመ ብዝርከቡ ደቂ ናጽነት እዩ ተኸቢሩን ተጸምቢሉን ወዒሉ። ተማሃራይ 11 ክፍሊ ዩኤል ሚካኤለ ድማ ኑቲ ዕለት ንምድማቕ ምስ መዛኑኡ ኣብ'ቲ ዳስ ዝረኸብናዮ እዩ። ንሱ፡ ነዛ ክብርቲ መዓልቲ ኣመልኪቱ፡ “ኣነ ኣብ ግዜ ናጽነት ዝተወለድኩ ስለዝኾንኩ፡ እቲ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዝሓለፍዎ ቃልስን መግዛእትን፡ ኣብ ትምህርትን ብወለደይን እየ ዝፈልጦ። ኤርትራውያን ብሰንኪ ሕሰም መግዛእቲ ብብዙሕ መከራን ስደትን ከምዝሓለፉ ድማ እፈልጥ። እዚ ኹሉ ሓሊፉ ኣብ ናጽነት



ተ/ማ ዩኤል ሚካኤል

ምብጻሕና ከኣ ሓበን እስምዓኒ። ሕጂ ኸኣ ናጽነት ንዓይ፡ እዚ ተማሂረ ብሰላም ንቤተይ ዝምለሰሉ ዘለኹ እዩ፡ ምስ ደቂ ዓደይ ብሰላምን ብፍቕርን ምንባርን ምምሃርን እዩ ናጽነት ንዓይ። እዚ ሰላም ከኣ ሳላ ዝተኸፍለ ማስዋእቲ ዝተረኽበ እዩ። ኣነ ድማ ተማሂረ ሃገረይ ክሃንጽ ሕድሪ ኣሎኒ” ክብል ሓቢሩና።

“ኩሉ ነገር፡ ብዘይ ሃገር ትርጉም የብሉን። ስውኣትና ድማ ሂውቶም ከፊሎም ናጽነት ኣውሒሶምልና ኣለው። ንሕና ኸኣ ብኽብረት ቀሲንና ክንነብር ንሃገርና ክንሕልዋን ክንሃንጻን እዩ ዘለና” ክብል ለበዋኡ ዘመሓላለፈ መንእሰይ ዩኤል፡ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ የሃናኡ ኣመሓላሊፉ።




---

## ምብልኩ

“እዚ መሬት ባሕረሰማዩ
ስልምልም ዝበለ መስተርሆት ሓዘሉ
ወቂቡ ደሚቑ ፍሰሃ ዝሓዘሎ
ንያት ዘቕድሖ
እተወረቓ ሓበን ዝኾቦ
ጽንዓት-ሓድነቱ
ጎሊሑ ደርኣ
ንጠማቲኡ ‘ናደጉሐ
ካብ ምንታይ'ዩ? እንታይ'ዩ
ሚስጢሩ?”
ኢሉ ምስ ሓተተ
ጋሻ ዘይፈለጡ
ፈቲካ ገለ ክብሎ
እናተሰከፍኩ ከይሽራርፎ፡
ኣብቲ ምህላው'ዶ ዘይምህላው
ምኳን'ዶ ዘይምኳን
ወለዶ ክቖጽል ወደሰ
ክጸንት ክበርስ
ዝተላዕለ ዓቢ ግድል
ሕቶ ሞትን ሕየትን
እዚ ህዝቢ
ዋና በዓል ርስቲ
ኑታ ፍትሒ እተመንጠላ
ክጭብጥ ንኽመልሳ
ዘራይ ከይተጸበየ
መትከል ሓቂ ሰኒቑ ሕድሪ
ካልኣይታ
ዋጋ ከፊሉ
ንሞት ቀቢሩ ደሚቑ'ዩ ዝወጽኦ፡
ምብልኩዎ
ግን ክንደናናይ ከይሰወጦ፡
እምበር እዚ ህዝቢ
ዋና ዳዕኳን ልቢ
ኑቲ መስርዕ ክቡታት'ኻ
ክበዝ'ኽ'ሞ ክፈራ'ኸሽ
ንምጽናዑ እተኻዕወሉ ኣይዚ
ንምህምሹ እተኣልመ ሸርሒ
ሰጊሩ
ደው ዝበለ ኣብ ሪሙ. . . ንሪሙ
ቅያ ኾሚሩ ዘስጠመ መስርዑ
ምብልኩ
ግን እናተሰከፍኩ
እቲ ምንታይ ቃላት መዓስ ይገልጾ
መን? መን'ሞ ብምልኣት ክምልሶ
እምበር
እዚ መሬት ‘ተሰምሊመ ሰሚዑ
ንፋስ 'ዛ ርስቲ ብራሕሲ ጠሊሉ
ብሸሻያት ‘ተዘቖበበ ባሕረ-ቀላያቱ
ንተዓዘቢ ‘ተሰደመመ ንረኣይኡ
ተኸፊልዎ እንድዩ
ብሉጽ ዋጋኡ እዩ ጠሊቡ፡
እንተ'ዚ ህዝቢ
ዋናዛ ርስቲ
ዘይትዓርብ ጸሓዩ ኣብሪቑ
ጌና ከኩላዕልዕ'ዩ
እኳ ደኣ ተወራሪቑ።

ኤርሚያስ ኣብርሃም
ሜከ 74

# ሰብ ፍሉይ ካርድ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

የማን ጸጋም ክንብል ዕድል ኣይነበረናን፥ ብመሰረት ዝተዋህበና ፍሉይ ዕማም፡ ጸጥታዊ ኩነታት ርእሲ-ከተማና ንምውሓስ፡ ቀጥታ ኣብ ብምሉኣን ትካላት ኣስመራ ፋሕ በልና።

ኣቦላትና ኣይንኣለም ኣስመላሽን ነጋሽን ኣብ ሓለዋ ፋብሪካ ዘይቲ እዩ በጺሖምና። ምስ'ቲ ኣብ ፋብሪካ ቀይሕ-ባሕሪ -እንዳ ቖርበት- ተዋፊሩ ዝነበረ ብጻይ ዳኒኤል ግርማይ፣ ብረደዮ ርክብ ጥራይ'ምበር ብኣካል ከይተራኸቡ ሳልሰቲ ሓለፈ። ፋብሪካታት እንዳ ዘይትን ቀይሕ-ባሕርን ጎረቤቲ ምዃነን ይፈልጡ ነይሮም እንተዘይኮኑ፡ ብረደዮ ምጽዋዕ ኣይመድለየምን። ንሳቶም ግን እዚ ክልተ ፋብሪካታት ዝተረሓሓቓ እዩ ዝመስሎም ዝነበሩ። ኣይንኣለም፡ "ኣበይ'ዩ እዚ ፋብሪካ እንዳ ቖርበት?" ኢሉ ነተን ዝሓልፋ ዝነበራ ኣንስቲ ምስ ተወከሰን ግን፡ "ወይለከ መዓረይ! ኣብ'ዛ ጥቓኹም እንድያ ዘላ፥" በላኦ'ሞ፡ ማዕረ ክንዳኡ ዘይምፍላጡ ከም ሕንከት ተሰምዖ።

እዚ ከባቢ ዓይኑ ጸገም፡ ዳርጋ ኣብ ኩላትና ዝነበረ እዩ። ብዙሓት ካብ ኣኽበርቲ ጸጥታ ኣቦላትና ምስ ከተማ ኣስመራ ሌላ ዘይነበርም ነይሮምና።

መቸም ኣብ ከባቢ ዓይኑ ሰራሕ እንተ ተዋፊርካ፡ ብዙሕ ነገራት ክትዕዘብ ናይ ግድን እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ሰብ በረኻን ዓድን ገጽ-ንገጽ ንራኸበሉ ዝነበርና ናይ ናጽነት ዕለት። ገለ መንእሰያት ብዘይመጠን ሕጉሳት ኮይኖም ይዘልሉ ነይሮም። ካልኦት ከኣ ገርሃኛታት ነይሮም። እቶም ገርሃኛታት ኮይኖም ዝሓቱና ዝነበሩ፡ "እከለ ዝበሃል ከማኹም ተጋዳላይ ኣበይ ኣሎ? ሓወቦይ እዩ፥ ሓወይ እዩ፥ እከሊት ትበሃል ተጋዳሊት ሓብተይ እያ፥ ኣበይ ኮን ንረኽቦ/ንረኽባ? …" ዝብል ሕቶ ዘውሕዙ ዝነበሩ እዮም። እዞም ከባቢ ዝበሉ ወይ ዝበላ መንእሰያት፡ ካብ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ብጉጅለ ኮይኖም እናተንቀሳቐሱ ይሓትቱ ነበሩ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ፥ በተን ኣቦታተን፥ ኣሕዋተንን ኣሓተንን ተጋደልቲ ክቕበላ ኣብ ኢደን ፍዮሪ ሒዘን ጸሓይ በሪቓ ክሳብ ትዓርብ ንክረኽበኦም ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ኩሉ ዝበላ ዝነበራ ኣዋልድ ኣስመራ ድንጋጸ ይሓድረኒ።

እቶም ካልእ ዓይነት ከኣ ወለዲ እዮም። ንሳቶም፡ ዝጠዘሉ ብሰላምታ ዝተሰከየ ትኩር ጠመተ የዝንቡልና። ማለት፡ ወላዶም፡ ሓምም፡ ዘመዶም ከይትኸውን ክለልዩ ስለ ዝሆቅሉ፥ ክሳብ ትደንን ዓይኒ-ዓይንኻ ይጥምቱኻ። እንተ ደፈርም እታ ኣብ ልቦም ዘላ ሕቶ ድርብይ የብሉዋ'ሞ፡ "ኣይፈለጥኩምን" ወይ'ውን ካልእ ዘረስዕ ምኽንያት መልሲ ሂብካ ከተፋንዎም ምስ እትደሊ፥ "ደሓን'ዮም ደቀይ! እንቋዕ ንሽኻትኩም ከኣ ሰላም ኣቶኹም!" ኢሎምኻ ይዕዘሩ።

ጠዝን ክንደገን ኢና ከኦ እቶም ኣብ ሓለዋ ተዋፊርና ዝነበርና ኣብ ሕልናና ዘይምልኣት ነገር ዝሶማና ዝነበረ። ነቲ ዘውሕዘ ዝረ ዘመድ ቤተ-ሰብ ተጋዳላይ ናይ ምርካብ ሕቶ፥ እናሻዕ ዘዕግዝብ ምላሽ ክንህብ ከለና ዝሶማና ዝነበረ ምረት ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ'ቲ ናይ ናጽነት ፈንጠዝያን ደስታን፥ ድንጋጼ ሻቕሎት ተፈራረቑና። ንምንታይደሰ፥ እቶም ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ንምርካብ ኩሉል ዝብሉ ዝነበሩ ስድራቤታት፡ ዓጽመ ስጋ ናይቶም ምእንቲ ናጽነት ህይወቶም ዝበጀዉ'ሞ ቀበርናዮም ዝኣቶና ብዙትና ስለ ዝነበሩ።

ብናጽነትና ኩርዓትን መንፈሳዊ ዕግበትን ነይሩና። ግን ከኣ ክሳብ ኣብ ድርኩኺት ናጽነት ብዙት እናቖበርና ስለ ዝኣቶና፡

ከበደና ነይሩ። ንኣብነት'ኳ ናይ ማስርዕና ፍቕዲ ኣቦላት፡ ካብቲ ብየማነ ኣፈልባ ክንሰልፍ ከለና ዝነበረ ብዙሓ ሸልታ የንጸብርቕ ነይሩ። ኣብ ሰሚት ነፍሲ-ወከፍና እህህታ ይንጸባረቕ ነበረ።

ብቐንዱ ብሰንኪ ሰፍሓት ናይ ሓለዋ

ጸላኢ ንዘርከበ እዋናዊ ሓበሬታ ወሲድካ፥ ንዝምልከቶ ኣካል ኣብ ግዜኡ ምሕባር ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕማማም እዩ። ንሕና እቶም ኣቦላት ደሞ ኣብቲ ዝገበር መጥቃዕቲ ጸጋም፡ ማእከልን የማንን ደፋዓት ክ/ሰራዊት 52 ኣእዳምና ወሲድና። ገሌና ኣብ

ደፈኣ ናብ ኣፈልባ ገጻ ዝከሰት። ብዘይካ'ዚ፥ ብወገን ሰሱበ'ውን ሓይልታት ክ/ሰራዊት 96 ንብርጌድ 24 ደፈኣን ብዮማኑ ሰማረን ኣጥቅዓ። ማዕረማዕረ'ዚ የማናይ ግንባር፡ ብወገን ጉራዕን ዓዲ-ሃረምን ዝተሰለፋ ክፍላተ-ሰራት እውን መጥቃዕቲታተን ጀመራ።

ናይ ኣፈልባ ደፋዕ ጸላኢ፥ ዘይቶም



ቦታ ዝበሉት ካብ ጸጋም ንየማን፡ ሓሊፎም ጋንታ ወዲ ቕሺ ንእምን፡ መራሒ ጋንታ ሊሳቕ (ወዲ ምሕረት)። ኮፍ ካብ ዝበሉ ... ካብ ጸጋም ንየማን፡ ሚኪኤል (ቢ-2)፡ ግርማይ ዘርኢሚካኤል (በሻዛ)

ቑጥጡያት ናብ ዋህረር ጸሪና ነበርና። እንተኾኑ እቲ ምኽንያት ዋሕድና ምስፋሕ ቑጥጡያት ጥራይ ኣይነበረን። ካብ ግንባር ደቀምሓረ ተበጊስና ኣስመራ ክሳብ እንኣቱ፥ ካብታ ማስርዕ ብምስዋእቲ ዝተረፉ ብዙት ሐደት ስለ ዘይነበሩ ግድን'ዩ ፍቕድና ሽል ክብል።

ቅድሚ ምጅማር መጥቃዕቲ ዛዕሚ ኩናት፡ ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ንኽልተ ወርሒ ዝኣክል ጸዑቕ ስሊያዊ መጸናዕቲ ኣካይድና ነይርና። ካብ ዓዲብዑር ብበሰለስተ ብበኣርባዕተ እናተበገስና፥ ካብ ፍርቂ ሰለድ ክሳብ'ቲ ምስ ክፍለ ሰራዊት 16 ዘራኸበና ቦታ ሕረት - መጸናዕትና ኣጻፈፍና። ግን እቲ ግንባር ኣሰኻፊ እዩ ነይሩ።

ንኣቦላትና ካብ ዘሰክፉ ዝነበረ ምኽንያት፥ ደፋዕ ጸላኢ ጽኑዕ ብምንባሩ እዩ። ካብ ክልተ ሰለስተ ንላዕሊ ሪጋ ጸረ-ሰብ ነተጉቲ ዝተደራረበ፥ ጸረ-ታንክ ሚሳይላት ዝተኣሰረሉ፣ ንጸላኢ ዘዕውት ኣተሓሕዛ ድፋዓት ስለ ዝነበሮ፡ መከላኸሊ መስመር ጸላኢ ኣዝዩ ጽኑዕ ነይሩ። ኣብ ድሮ ናይ'ቲ ክሳብ ናጽነት ዘብጽሐ መጥቃዕቲ -18 ግንቦት፡ መግለጺ ክወሃበና እንከሎ ግን እቲ ቃላት ናይ ሰከፍታ እንተታት ዝተጻንበሮ ኣይነበረን።

"እዞም ፍሉይ ካርድ ዝዕደለና ዘሎ ተጋደልቲ፥ ከተማ ደቀምሓረ ድሕሪ ምትሓዝ ንቕድሚት ኣይክንቕጽልን ኢና። እቲ መጥቃዕቲ ናብ ሰሓርቲ ክኾሎ እንከሎ፡ ንሕና እዞም ሰብ ፍሉይ ካርድ ግን ጸጥታዊ ኩነታት ከተማ ደቀምሓረ ክንውሕስ ኢና። ንብረት ህዝብን መንግስትን ጉድኣት ከይወርዶ ኣብ ምዕቃብ ክንዋፈር ኢና። ከምቲ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝተራእየ ክስተት ከይደገም ሓላፍነት ተዋሂቡና ኣሎ፡ … " ምስ ተባህለ፥ ኣእመሮና ኣብ ግንባር ኣፈልባ ካብ ምድረራት ሓሊፉ፥ ክሳብ ኣስመራ ንዘቐጽል ጉዕዞና ክእምት ጀሚሩ። መሓሪ ጉብረመስቀል መራሒ ማስርዕ ናይ'ዛ 15 ዝኣባላታ ሰብ ፍሉይ ተልእኾ ክኾነውን እንከሎ፥ መራሒ ጋንታ ደማ ኢሳቕ - ወዲ ምቁር ነበረ።

ሓለፍቲ ስለያ ክፍለ ሰራዊት፥ በዓል መተካ፥ ሰለሞን ሰዩምን ግርማይ ፍትውን ማእከላይን መጠበሲን ቦታኦም ኣብ ማዕረባ እንዳ ተሰፋሂወት በርሀ እዩ። ካብ ምሩኻት

ቦታ ቴለስኮፕ ኣቲና ነቲ ዝስዕብ ምንቅስቓስ ክንከታተል፣ ገሌና ብወገን ኣውተየብቲ፥ ካልኦት ከኣ ንናይ ወዲ ሰዩም - ቦጣሎሲ ሰለስተ ብርጌድ 24 መሪሖም ካብ ደፋዕ ወገን ንቕድሚት ብምሕላፍ፥ ናብ ደፋዕ ጸላኢ ተጸጊዖም ዝሓደሩ ነይሮምና።

እቲ ሓደ ዝገርም ነገር ግን እቲ ናይ ዜሮ ሰዓት፡ ልክዕ መጥቃዕቲ ዝጅመረሉ ግዜ-ንኹላትና ኣቦላት ስሊያ ኣይተገልጸን። ምናልባት እቶም ሳዕለዎት ሓለፍቲ እንደዒ'ምበር፥ ንሕና ኣብቲ ልሙድ ናይ ወጋሕታ ሰዓታት ክንጅምር'ዩ ትጽቢትና ዝነበረ። መሬት በሪሁ ናብ ሰዓታት ሽዱሽተ-ሸውዓተ ምስ ተወንጨፈ፥ ኩላትና ኣቦላት ኣብ ዘዘተዋህበና መስመር ኮይንና፥ ኣብ ሓደ ናይ ምግራም ሓሳብ ነበርና። ናብ ሰዓታት ሸሞንተ፥ ትሽዓተ ገጹ ሰጉሙ ጸሓይ ክዝህረም ምስ ጀመርና'ሞ ኹሉ "ጉዳይ ፈሺሉ'ዩ" ዝብል ግምት ሓደረና። ክሳብ ሽዑ ትጽጋዕ ናይ ወገን ታንክ፥ የሉ፥ ዝንቀሳቐስ ሰራዊት የሉ፥ ጸጥ! ኢሉ ነበረ።

እንተ እተን ኣብ ወጋሕታ ጥራይ ከም እንዝጅም ዝፈልጣና ወተሃደራት ጸላኢ፥ ግን ኣብ ግዜ ለይቲ ዝሓደረን ጸቕጢ ተቐንጢጠሰን ናይ ተዛማዲ ሰላማዊ ንጥፈታተን ክንዕብራ ብቴለስኮፕ ንከታተለን ነበርና። ኣብ ናትና ምንቅስቓስ ግን ጸሓይ ካብ ሰዓት ትሸዓተ ንደሓር'ዩ ሓደ ክልተ ለውጥታት ዝተዓዘብና።

እታ ቴለስኮፕና ተተኺላትሉ ዝነበረት ቦታ እንክላይ መከታተሊት ናይቶም ኣዘዝቲ ቦጣሎኒታትን ብርጌዳትን ነበረት። በዚ ምኽንያት፥ ሰዓት ትሸዓተ ምስ ኣኸለ እቶም ኣዘዝቲ ናባና መጺኦም ነታ ቴለስኮፕ ብዕላቶም ክጥቀሙላ ጀመሩ። ጸሓሑ ናይ ወገን ደብዳብ ከበድቲ ብረት ጀመረ። ምንቅስቓስ ታንክታትና'ውን ሰዓበ። ሰዓት 10 ምስ ኣኸለ ከኣ እተን ናብ ኣፈልባ - ደፋዕ ጸላኢ ተጸጊዐን ሓዲረን ዘርፈዳ ሓይልታትና ፎርሳ መጥቃዕቲ ጀመራ።

ቅድሚ መጥቃዕቲ ምጅማሩ ዝነበረ ኣሰላልፋ ክ/ሰራዊት 52፥ ብርጌድ 19 ብወገን ሕረት፡ ብርጌድ 45 ብማእከል ኣፈልባ፥ ብርጌድ 24 ከኣ ብወገን ሰሱበ -የማን ግንባር- ነበረ። ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ግን፥ ሓይልታት ክ/ሰራዊት 85 ንብርጌድ 19 ተኪኤን ካብ ሕረት ጀሚረን ንጸጋም ስለ ዝተሰለፋ፥ ብርጌድ 19 ንብርጌድ 45

ዝፈራሕናዮ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ደቓይቕ'ዩ ሃደሽደሽ ኢሉ። ብወገን ሰሱብ ዝነበረ ጸላኢ ናብ ዓላ ገጹ ክጸድፍ ከሎ፥ ኣፈልባ ንባዕላ ደማ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ኣብ ኢድና ኣእተናያ። ቀዳማይ ገጽ መጥቃዕትና ኣብዚ ተወዲኡ ማለት እዩ። እቲ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዝተወሰደ ናይ ሃንደበትነት ሰገምቲ ንኽሰራና ኣጸቢቑ ኣውሒዱዎ እዩ። በቲ ካልእ ክፋል ግንባር ደቀምሓረ ዝነበረ ኸሲ ግን ክብድ ዝበለ ዋጋ ኣኽፊሉ እዩ። ኸሲ ናይ ኩሉ ኣብቲ ግንባር ዝተሰለፈ ኣዱታት ህዝባዊ ግንባር ተዛማዲ ፍጥነት ስለ ዘይነበሮ ከኣ ደቀምሓረ ንምብጻሕ ሳልስቲ ወሲዱ።

ዕለት 20 ጌና ካብ ኣፈልባ ኣይወረድናን ዘለና። ጸላኢ ነተን ምሩጻት ክፍለጦራቱ እናደረበን ታንክታቱ እናተኮኣን ጸገዑ ይምክት ነይሩ። ናብ ዕለት 21 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ብፍላይ፥ ተራራ 18 ክፍለ ጦር ብወገን ዓላ መጺኡ ብጸጋም ክዝርግ ፈቲኑ ነይሩ። ግን ከኣ ብዙሕ ክሳራታት ደኣ ወሪዱዎ'ምበር ፋይዳ ኣይረኸበሉን።

ሓለፍቲ ስለያና፥ ዕለት 19 ዝጠቕም ሓበሬታ ጸላኢ ኣይረኸቡን። ካብ ዕለት 20 ንደሓር ግን ብዙሓት ተራ ወተሃደራትን ፍልይ ዝበሉ ሓለፍትን ንምምራኽ ተኻኢሉ ስለ ዝነበረ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ረኺቦም ከም ዝኾኑ ጥርጥር ኣይነበረናን። ገለ ካብቲ ዝሃቡዎ ቃል፥ "መንግስቲ ቀጺሉ ሓበሬታ የመሓላልፍ ኣሎ፣ 'ደቀምሓረ እንተደኣ ተታሒዛ ኣስመራ ተታሒዛ ማለት እዩ፣' ይብለና ነይሩ። መጥቃዕቲ ኣብ ዝጀመርኩምሉ ሰዓታት፥ ኩላትና ሓለፍቲ ናብ ከተማ ደቀምሓረ ኣቲና ስለ ዝነበርና ኣብ ደፋዕ ኣይጸናሕናን። ሕጂ ከኣ ጸቡቕ ትግዕዝሉ ስለ ዘለኹም ቀጽልዎ፣" ዝብል ሓበሬታ ሂቦም።

ንኣፈልባ ድሕሪና ገዲፍና ናብ ደቀምሓረ ኣብ እንቕርበሉ ዝነበርና ሰዓታት፥ መራሒ ማስርዕና መሓሪ ጉብረመስቀል፥ ብዮርማይ ዘርኢምካኤል ተሰንዩ ናብ ሓንቲ ገዛ ኣላገሰ። ነታ ካብ መዓስከር ጸላኢ ዝተረኽበት መጸሕፍቲ ዝሓዘት ሳንዱቕ ብኽልተ ኣእዛና ኣደይ-ኣደካ ተሰኪሞም ነበሩ።

መሓሪ፥ ነታ ኣብቲ ገዛ ዝጸንሓቶም ዕድመ 70 ዓመት እትገብር ኣደ ሓጺር ሰላምታ ድሕሪ ምልጋስ፥ "ኣደ፥ እዛ ሳንዱቕ ኣብዚ ገዛኺ ትጽናሓልና፣" ብኣጸብዑ ናብ ግርማይ እናኣመልከተ፥ "እዚ ቐልዓ'ዚ ግድን ክምለሰኪ ስለ ዘኾኑ ሃብዮ ኢኺ፣" ኢሉ ምስ ኣረድኣ፥ ክልቲኦም ዘብዙብ እናበሉ ኣርሐቡና። ዋላ'ኳ ንሕሚታ ዝኸውን ግዜ እንተ ዘይነበረ፥ እንተ ብልብና እንተ ሓደ ክልተ ቃላት ምድርባይ ግን ኣይገደፍናን።

ምኽንያቱ፥ ብጻይ መሓሪ ደኩመንት ናይ ምእካብ ዝንባለ ነይሩዎ። ናይ ምንባብ ልምዲ ኣለዎ። ወረቓቕቲ ይፈቱ እዩ። በዚ ምኽንያት ኢና ከኣ ነቲ ኣብቲ ገዛ ንኽጽንሓሉ እቲ ነታ ኣደ ዘረክብ ዝነበረ ንእሽቶ ሳንዱቕ ወረቓቕቲ ዝሓዘ ምንባሩ ብዘይ ጥርጥር ዝዘመትናዮ።

ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ምትሓዛ፥ ሰዓት ሓሙሽተ ንግሆ ናይ ዕለት 21፥ ብርጌድ 24 ቀጥታ ብወገን ቀይሕ ኮርን መጻሉን ኣቢላ ናብ ሃዳሙ ተወርወረት። ብርጌድ 19 ናብቲ ክፍለጦር 18 ዝበገሰሉ ዝነበረ ኣንፈት ጋዴን ገጻ ሃተፈት። ንሕና ደማ ኣብ ከባቢ ሰዓት ትሽዓተ ኣብ ከባቢ'ዚ ሕጂ ጋራጅ መንግስቲ ዘሎ ቦታ በጻሕና። ኣብቲ ከባቢ ናይ መርዓ ዳስ ስለ ዝነበረት፥ ፍሰሃ (ጭብጥ) ጠፊኡ ናብታ ዳስ ብምእታው፥ ናይቲ መርዓ ሰዋ፡ እንግጢዕን ሕንባሻን ካብ ኩሉ ዓይነት መግቢ ብዘይ ንሕሰያ ጌፊጡ ኣርሓበና።

ተረኽቲ፡

ግርማይ ፍትዊ

ግርማይ መለስ

ግርማይ ዘርኢሚካኤል (በሻዛ)

ኤፍሬም ወልደትንሳኤ

ኣይንኣለም ኣስመላሽ

ይቕጽል

## ናጽነት

ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ
ኣሰርካ ሰዒብና
ከፊልና ማሰዋእቲ፥
ደሊናካ ኣብ ኣኽራናት
ዝከበስና ከውታ
ክንምገጽል ምዕራፋት፡
ምስጢር ምንባር
ኣመና ሓይሉ
ዓርዑት ኮይኑና
ጊዜ ተመሻቒሉ፣
ሓሽር ዘመን
ዘመን ኳኺቶ
ንኽትጸወዩ ዝፈርምም
እዋን እቶ እቶ፡
ጽላሎት ኮይኑና
መዋእል ኣኽቲሙ
ጸሓይ እንክለ
ኮኾብ ተዓዚሙ፡
ዝሓለፈ ማሰገደል
ከመይ ዘይንዘክሮ
ተኻል መድረኽ
ሰንፈላል ሰዘሮ፡
ምስጢር ምንባር
እንታይ ምኳኑ ትርጉሙ
ኣጦኺ ፈልጥናዮ
መቐረት ጣዕሙ፡
ናጽነት!
ሰለምኽና ሓጠን
ብኣኺ ማሚቑ
መዋእል ዘመን
ዛቢቡ ኣቦጦኺ
ዋዜማ ድምቀትኪ
ፍረ ብርሃን ሎሚ
በጺሑ ዘመን፡
ድርብ ዓወት
ቅያ ስጡም ማሳርዕ
ጉዕዞ 32 ዓመት።

ምኽሮና ተኽለይ (ዋርሳይ)

## ቃል-መሕትት

# "ፍርያት ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ምጉስጓስን ምንቕቓሕን ሓፋሽ ህዝብናን ተጋዳላይን ዓቢ ጽልዋ'ዩ ነይሩዎ" ያቆብ ዓንደመስቀል (ሻፍት)

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና፡ ምስ ሓደ ካብ ጉዱሳት ኣባላት ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ ያቆብ ዓንደማስቀል (ሻፍት)፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብ ማሕበር ኤርትራውያን ንሓጸንት ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሮ ንጡፍ ሃገራዊ ዕማማትን ከምኡ'ውን ኣብ ሞያ ሕትመት ዝነበሮ ወሳኒ ተራን ተማኺርና*



*ኣማሊኺትና፡ ዕላል ከምዝተደረና ይዝከር። ንሎሚ 5ይ ክፋሉ ነቕርበልኩም።*

**ሕቶ - ካብ ኤውሮጳ ምስመጻእካ ኣብ ሳሕል ዝነበረ ቤት ማሕተም ኣብ ከመይ ደረጃ ጸኒሑካ? እተን ኣብኡ ዝጸንሓኻዅም ሓተምቲ'ኸ ከመይ ትዝክረን? ብቐንዱ ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ብኸመይ'ዩ ተበጊሱ?**

ቤት-ማሕተም ህዝባዊ ግንባር፡ ብቐንዱ ካብ መጀመርታ 1970ታት'ዩ ብትሑት ዓቕሚ ዝበገሰ፡ ብ'ታይፕራይተር ስተንስልን' ናይ ዝሓትማ መሳርሒታት ጊዜ ደማ ክሓትም ጀሚሩ። ንቲ "ንቕሓት ናብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ናብ ሃገራዊ ሓይሊ ይቕየር" ዝብል መርሓ ሓሳብ እቲ ውድብ ድማ፡ ሸቶኡ ንምውቃዕ ብትሑት ደረጃ ዝጀመሮ ናይ ሕትመት ስርሓት ዝተፈላለዩ ነገራት ክሓትም ጀሚሩ ማለት'ዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ እናማዕበለን እናዓበየን ከይዱ። ብፍላይ እቲ ኣነ ኣብ ሜዳ ዝኣተኹሉ እዋን እዘን 'ዱፕሊኬይት ማሽን' እንብለን ንናይ ኣብዮት ጽሕፈታትን ተማሃሮን ዘገልግላ ብ'ስተንሰል' ጊዮርካ ተባሂለን ማሽናት'የን ጸኒሐን። ቀሩብ ብኤሌትሪክ ዝጥቀማ ግን ብኢድ ዝሰርሓን እየን ነይረን። ዚ ናይ ማሕተም ዕማማት ዘሰላስል፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብዙሓት መንእሰያት እዮም ነይሮም። ኣብ ቴንዳ ኮይኖም፡ ንኽትኣምኖ ዘጸግመካ ስርሓት ድማ ይሰርሑ ነይሮም። በዘን ናይ ድፕሊኬይት ማሽናት ለይትን መዓልትን እዮም ብዙይ ዕረፍቲ ዝሰርሑ ነይሮም። ሕሰቦ ፖለቲካዊ ሓዚሉ መጽሔታት ናይ'ቲ ውድብ ኣሎ፡ መጽሔታት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ክፍልታት እቲ ግንባር'ውን ኣሎ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ መብዝሕትኡ መሬት ኤርትራ፡ ተሓሪሩ ስለዝነበረ፡ ከም ናይ ምምሕዳር ፎርምታትን ቅብሊታትን.... ዝኣመሰለ ምስ ኩሉ ጸገማት ንኽትገልጾ ዘጸግም ብዙሒ ዘለዎ ሰነዳት ይሕተም ነይሩ።

**ሕቶ - ብሓፈሻ ካብ 1977 ንደሓር ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ዝሓትሞ ዝነበረ እንታይ እዩ?**

ብፍላይ ካብዚ እዋን'ዚ ንደሓር ንጥፈታት ሕትመት ናብ ዝሓሸ ደረጃ ስለዝደየበ፡ ምስ ምሕራር ከተማታት ናብ ናይ ሊቶግራፊ ሕትመት ብምስግጋሩ፡ ዝሕተም ዝነበረ ነገራት ብዙሕ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ኣብዮት ቤት ጽሕፈት ናይቲ ውድብ፡ ንምምሕዳራዊ ንጥፈታት ከገልግሉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ፓዶት (ቅብሊታት)፡ ፎርምታት፣ ንኡ ጥራይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ፖለቲካ፡ ትምህርቲ፡ ሕክምና፡ ሃንደሳ፡ ሕርሻ፡ መጉዓዝያ ጽሑፋትን፡ ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘገልግሉ መጻሕፍቲ፡ ወተሃደራዊ መጻሕፍቲ፡ ናይ ስነ-ጽሑፍ መጻሕፍቲ፡ ዝተፈላለዩ መጽሔታት... ወዘተ ክሕተም ጀሚሩ። ብሓፈሻ ኣዝዩ ብዙሕ ጠለባት ናይቲ ውድብ ደማ ኣብዚ ቤት ማሕተም ይዕመም ነይሩ።

**ሕቶ - ኣብ ጽላት ማሕተም ምስቲ ሸው ዝፈሪ ዝነበረ ንጠለባት እቲ ውድብ የማልእ ነይሩዶ ትብል?**

ዋላ'ኳ ብደረጃ ዓቕሙ ንኹሉ እንተዘይበረ፡ ብመጠኑ ንዕማማት ናይቲ ውድብ የማልእን ይሽፍንን ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

**ሕቶ - እተን ሸው ዝሕተማ ዝነበራ መጽሔታት'ከ ኣስማተን ትዝክረንዶ?**

ብዓጀባ እምበር፡ ከመይ ዘይዝክረን! እተን ኣብቲ እዋን ዝሕተማ ዝነበራ መጽሔታት ኣስማተን ክዘርዝረልካ እንተደኣ ኮይኑ - ፊተውራሪ፡ መሪሕ፡ ማሕታ፡ ተዓጠቕ፡ ፍጻሜታት፡ ሳግም...ዝኣመሰላ እየን።

**ሕቶ - ኣብ ህዝብን ተጋደልትን ዝነበረን ተራን ጽልዋን ከመይ ነይሩ?**

ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ዝነበረን ጽልዋ'ሞ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ጉስጓስን ሓብሬታን ዝነበረን ተራ ልዑል ኮይኑ፡ ፍርያት ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ፡ ናብ ኩሉ ቦታታት ከም ዝበጽሕ ይግበር ነይሩ። ስለዚ ንተጋዳላይን ሓፋሽ ህዝብናን ኣብ ምንቅቓሕ ዝነበረን ኣስተዋጽኦ ዓቢ እዩ።

**ሕቶ - ሕራይ ሻፍት! ኣብ ዝሓለፈ እዋን ከምዝዕለልካና፡ ዝበን 'ኦፍሴት' ዝበሃላ ዘመናውያን ሓተምቲ ሒዝካ ካብ ዓዲ ጥልያን ናብ ሜዳ ኣቲኻ፤ ኣብ'ቲ ቤት ማሕተም ዝበረን ኣስተዋጽኦ እንተትገልጸለይ?**

ኣብቲ እዋን'ቲ ዝበሩ መንእሰያት ኣባላት ማሕተም፡ ነቲ ትንፋስ ዘይህብ ማሰርሕ ናይ ሕትመት ዕማማት የካይድዎ ነይሮም። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት 'ኦፍሴት' ዝበሃላ ዘመናውያን ሓተምቲ ምምጻእን ነቲ ስራሕ ኣዝየን ኣቃሊለንኦ እየን። ኣቃሊለንኦ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ማሰርሒ ናይ'ቲ ሕትመት ብጽፉፍ ከም ዝሰራሕ ገይረን እየን። ብዙሕ እዘን ሓተምቲ ግርም'ዩ ዝበለን፡ ከም'ዚ ንብረኻ ኢልካ ዝሰራሕካየን እየን ዝመስላ፡ ብዙሕ ረብሓ ነይሩወን። ንኣብነት ብ'ኤፍር ሳይዝ' እየን ዝሓትማ ነይረን።

**ሕቶ - ካልእ ረብሓ ናይዘን ማሽናት'ከ እንታይ ነይሩ?**

እቲ ዝዓበየ ረብሓ ናይዘን ዘናውያን ማሽናት፡ ኣካላተን ፋሕፋሕ ኣቢልካ ናብ ዝደለኻ ቦታ ክትግዕዘን እትኽእል ምኻኑ እዩ። ኣብ ድላይካ ከኣ፡ ኣጋጣሚካ እትሰርሓለን እየን። በቲ እዋን'ቲ ኣዝየን ምዕቡላት እየን ነይረን ክበሃል'ውን ይከኣል። ኣብ ሓደ ሰዓት 10 ሽሕ ቅዳሓት እየን ዘውጽኣ። ስእሊ ዘለዎ መጽሔታት'ውን ዝሓትማ እየን። ባዕለን ናምበሪንግ፡ ፎረረ.... ወዘተ ይገብራ። ስለ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝጸንሐ ሓይሊ ጉልበትን ሃልክን ግዜን ዝወስድ ልሙድ ኣሰራርሓ ኣዝየን ኣፋኺሰንኦን ቀይረንኦን እየን። ስለ'ዚ እዘን ሓደስቲ መሳርሒታት ናይ ማሕተም፡ ካሜራ ናይ ፊልምን ፕለይትን ኣብ ምስራሕን ከምኡ'ውን ድሕሪ ማሕተም ዘሎ ንጥፈታት ኣብ ምቅልጣፍን ዓቢ ግደ ነይሩወን።

**ሕቶ - ዓቕሚ ሰብ'ከ ከመይ ነይሩ?**

እዚ ኹሉ ምስ ተተኽለ፡ ነቶም ኣብኡ ዝጸንሑን ዝተወሰኹ መንእሰያት ከም ዝመሃሩ እዩ ተገይሩ። እቲ ዝነበረ ግና እዞም ተጋደልቲ እዚኦም፡ ሰንከላን እዮም ነይሮም። እቶም ተመሪጾም ኣብ'ቲ ስራሕ ዝምደቡ ተማሂሮም ንኽሕዝዎ ግዜ ኣይወሰደሎምን ነይሩ። እቲ ድሌትን ተገዳስነትን ስለዝነበረ፡ ቀልጢፎም እዮም ነቲ ስራሕ ዝመልክዎ ነይሮም። ስለ'ዚ እቲ ናይ 'ኦፍሴት' ስራሕ ብዮዝቡእ እናኸደ እንከሎ፡ እቲ ዝሓትም ዝነበረ ናይ ድፕሊኬይት ማሽን ከኣ፡ ኂ-ኂ ይቕጽል ነይሩ። ሕጂ እዚ ኹሉ ተሓጊዙ ኣዝዩ ዕውት ዝኾነ ስራሓት ይካየድ ነይሩ።

**- እወ!**

እዝከረኒ፡ እታ ቀዳመይቲ መጽሔት 'መሪሕ' ምስ ስእላ በዘን ሓደስቲ ማሽናት ኢና ሓቲምናያ። ዳርጋ እተን ዝጠዛ ከተማታት ኤርትራ ሓራ ዝወጻሉ ግዜ'ዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር ኣብ በዓል እምባ ደርሆን ሰዲዶቸን፡ ብሓፈሻ ኣብ ኣፍንጫ ኣስመራ ዓሪዱሉ ዝነበረ ግዜያት እዩ። ብዘይካ ከም ዓዲ ቀይሕ፡ ኣስመራን ገለ ክፋል ባጽዕን እንተዘይ ኮይኑ፡ ዳርጋ ኩሉ መሬት ኤርትራ'ዩ ካብ ጸላኢ ሓራ ወጺኡ። እታ ናይ መጀመርታ ስእሊ ዘለዋ ዘውጻእናያ መጽሔት መሪሕ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሰዲደቺ ዓሪዱ እንከሎ እተርኢ'ያ ነይራ። እዚኣ ብስኣላይ ዘርኣይ ሃይለ ዝተወስደት ስእሊ ኮይና፡ ኣብ ካቨር ናይ'ቲ መጽሔት ወጺኣ ኣላ። ካልእ'ውን ዝተሰልባ ታንክታት፡ ኣጻዋር፡ ዝተማረኹ ሰራዊት፡ ኣብ ህዝቢ ዝዋደድ ዝነበረ ናይ ክፍሊ ጀማሂር ንጥፈታትን... እዚ ኹሉ ስእላዊ ንጥፈታት ሒዛ ዝወጸትሉ ግዜ'ዩ ነይሩ። ብሓፈሻ ግና በተን ፈለማ ኣብ ሜዳ ዝመጽኣ ሓደስቲ መሳርሒታት ሕትመት፡ ምስተን ኣብ ሜዳ ዝጸንሓ ኣናሎግ ማሽናት ብምውህሃድ'ዩ ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ዕዮኡ ዘካይድ ነይሩ ክበሃል እኽእል።

**ሕቶ - ብቐንዱ ቤት-ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ኣበይ'ዩ ተደኲኑ ጸኒሑካ?**

ኣነ ናብ ሜዳ ኣብ ዝኣተኹሉ፡ ኣብ ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል 'ፋሕ' ኣብ ዝተባህለ ቦታ'ዩ ተደኲኑ ጸኒሑኒ። ሕጂ እተን ማሽነራታት ምስ መጽኣ ጸቢቕ ዝኾነ ኣንደር ግራውንድ ህድሞ እዩ ተዳልዩለን ጸኒሑ። ብዘይ ዝኾነ ጸገም ድማ፡ እቲ ስራሕ ናይ ሕትመት ጀሚርናዮ። እቲ ስርሓት ዝጀመርናሉ እዋን ግና ጽዑጽዕ ወራራት ጸላኢ ዝነበረሉ ግዜ ምዝላቕ'ዩ ነይሩ። 1ይ፡ 2ይ ወራራት ድማ፡ ኣብኡ ነይርና። ኣብ ግዜ 3ይ ወራር ግና ጸላኢ ብኸሉ ማእዝን ከርዲኑና ስለዝነበረ፡ ውሑድ ዓቕሚ ሰራዊትና፡ ሓይሊ ጸላኢ ናብ ደጅን ፈንጠሱ መታን ከይኣቱ ይከላኸል ነይሩ። ብዘይካ እዮም ሓደ ክልተ ሰንኩላን፡ እቲ ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ፡ ኩሉ እቲ ኣባል ቤት ማሕተም'ዩ ናብ ኩናት ከቲቱ ነይሩ። ስለ'ዚ ኣብ 'ፋሕ' ከቢ 'ሾድጋን' ኣብ ዝተባህለ ቦታ ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ኢና ብጸላኢ ተኸቢብና ነይርና። ጸላኢ ኣኽቢቡና ኣብ ጥቓና እውን በጺሑ ስለዝነበረ፡ ብድሕሪኡ ዝነበራ ሓይልታትና ተኣኻኺቦን ብምምጻእ'የን ክዝርግኣ ክኢለን። ንሕና ኣብኡ ተኸርዲንና እንከለና፡ ነተን ማሽናትና ብምልኣን ፋሕፋሕ ኣቢልና፡ ኣብ ሰናዱቕ ብምእታው ካብ'ቲ ቦታ ንኽነዝልቕ ተዳሊና ነይርና። እንተኾነ፡ ከነዝልቕ ኣይከኣልናን።

**ሕቶ - እሞእ! ጸላኢ ከም ማዕበል እናመጸኩም ደኣ ስለምንታይ ዘየዝለቕኩም?**

ምኽንያቱ፡ እቲ ማእከላይ ምጉዓዝ ናይ ሰራዊትና ኣብ ፋሕ ስለዝነበረ፡ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ እዝከረኒ ምሳና ዝተረፈት ሓንቲ ላንድ ሮቨር ማኪና ነይራ። ቅጫ ይኹን ካልእ ነገራት ደሰክሚት'ሞ ከይዳ ተብጽሕ እንደገና ከኣ ውጉኣት ሓዚ ትምለስ፡ መዓት መሰናኽላት'ዩ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ዝነበረ መራሒ ማኪናና ዓሶ ስለዝሓለመመ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣለን። ጸገም ኮይኑ፡ ኣውቲስታ'ውን የለን። መግቢ ዘብጽሕ የለን። ውጉኣት ዘምጽእ የለን። በቃ ደው ኮይኑ፣ ወጥሪ ድማ ኮነ፡ ኣብ'ቲ ዝነበርናዮ ቦታ ሓላፊ ዝነበረ ስውእ ብጻይ ወልደንክኤል ጉብረማርያም እዩ። ኣነ ኣብ ኤውሮጳ እንክለኹ ማኪና እዘውር ስለዝነበርኩ፡ ስርሐይ'ውን መካኒክ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ማኪና እኹል ኣፍልጦ'ዩ ነይሩኒ። ንወልደንክኤል፡ 'ደሓን ጸገም የለን ባዕለይ ክዘውራ እየ' እብሎ። ስለዚ፡ መግቢ ሐዘ እኸይድ፣ ውጉኣት ሓዘ ከኣ እምለስ፡ ኣብ'ዚ ከምዚ ናይ ምምልላስ ህሞት፡ መዓት ሃወናት ማለት ተወንጫፊ ከቢድ ብረት እዩ ዝስሕተካ፡ ከም'ዚ ኢልና ድማ ነታ ጸንከርቲ ኩነታት ንሓልፋ።

**ሕቶ - ብድሕሪኡ'ሞ እቲ ኩነታት ከመይ ቀጺሉ እንታይከ ገርኩም?**

ጸላኢ ፈንጠሱ ንኸይኣቱ ብውሱን ዓቕሚ ክከላኸልን ክየማኑን ዝጸንሐ ሰራዊትና፡ ሓይልታት ስለእተደረባ ንቲ ሸሮ ሰራዊት ጸራሪጥዎ። ብድሕሪኡ እቲ መንገዲ ክኸፈት ክኢሉ። ንሕና ኸኣ መንገዲ ምስ





ተኸፍተ፡ ኣተን ማሽነራታት ሒዝና ካብ ፋሕ ናብ ቀብርወኣት ኣቲና። ከም'ዚ ዝበርናሉ ምኽንያት ድማ፡ ወተሃደራዊ ኩነታት እንተጸዊቑ ኣተን ማሽነራታት ኣምሉቕ ኣምሉቕ ኣቢልናየን ንኽንከይድ እዩ።

**ሕቶ - ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብሽኢ ተደጋጋሚ ናይ ጸላኢ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ምስ ብዙሕ ገልጠምጠምን ሓርጓጽ'ጓጽን ካብን ናብን ቦታ ትቕያየሩ ከም ዝበርኩም ኣብ ተራ ዕላልካ ሰሚዐዮ ነይረ፡ እቲ ዝበረ ብድሆ ከመይ ትዝክሮ? ካበይ ናበይ ኢኹምከ ትኸዱ ነይርኩም?**



ሻፍት ኣብ ስርሓት ሕትመት (ኣብ ሜዳ)

ሓቂ ዘረባ ኣዝዩ በዳሂ'ዩ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣዝዩ መሪርን ከርተትን ዝጠዘሐ እዩ ነይሩ። ናጽነት ክሳብ ዝርከብ ምስ ናብራ ገልጠምጠም ተዓራሪኽካ ምምራሽ ጥራሕ'ዩ ነይሩ እቲ ዋና ምርጫ። ብሓፈሻ ግን ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ትንክፍ ዘበልኩልካ ካብ ፋሕ ናብ ቀብርወኣት፡ ካብኡ ቀጺልና ድማ ናብ ዓንበርበብ፡ ካብ ዓንበርበብ ናብ ዓራግ ኢና ንኸይድ። እዝከረኒ፡ ኣብ ዓራግ ምስ ከድና ብቐጻሊ ደብዳብ ነፈርቲ የጋጥመና ነይሩ። ኣብ ማሽነራታትና (መሳርሒታትና) ዝወረደ ጉድኣት'ኳ እንተዘይነበረ፡ ኣብ ኣባላትና ግን



ከቢድ ማሰዋእቲ ኣጋጢሙ እዩ፡ ብድሕሪ'ዚ ብዮዝቡእ ክንሰርሕ ስለዘይከኣልና፡ ካብ ዓራግ እንደገና ናብ ዓንበርበብ ክንምለስ ተገዲድና። ካብቲ ናይ ካልኦት ቦታታት ዝሓሸ ግን ኣብ ዓንበርበብ ምቹእ ዝኾነ ቦታ ማለት 'ኣንደርግራውንድ' ተዳልዩልና ስለዝጸንሐ ድማ፡ ከም ብሓዲሽ መሳርሒታትና ተኺልና ክንሰርሕ ጀሚርና። ምስ'ዚ ኩሉ ጸገማትን ገልጠምጠምን ግን ብዘተኣኻኽለ መጠን ንጠለባት ናይ'ቲ ውድብ ነማልኦ ነይርና ክበሃል እኽእል። ከም'ዚ ኢልና እናኸድና፡ እቲ ጠለባት ናይ'ቲ ውድብ እናዓበየ ስለዝመጸ፡ እተን ዝነበራ ማሽናት ከኣ ንብምልኡ ጠለብ ናይቲ ውድብ ከማልኣኦ (ክጾራኦ) ኣይከኣላን።

**ሕቶ - እሞኸ እንታይ ደኣ ተገብረ?**

'ማሽናት ክውሰኻ ኣለወን' ተባሂሉ። ኣብ 1984 ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ቤት ማሕተም ዝነበረ ብጻይ ባህሊቢ ጊላሚካኤል፡ ናብ ኢጣልያ ከይዱ ተወሲኺ ክልተ ዓበይቲ ኣባዚሕቲ ማሽናት ኣምጺኡ። ኤ-4 ኤ-3ን ዝጥዝሓ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ብኽልተ ሕብሪ ክሓትማ ዝኽእላ ዓበይቲ ማሽናት ተወሲኸን ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ናይ ቅድመ-ሕትመትን ድሕረ-ሕትመትን ዘድሊ መሳርሓት ዝካየዳ ማሽናት ተወሲኸን። እንደገና ምስ ማሕበር ምንቅስቓስ ንሓጸንት ኣብ ኤውሮጳ እታ ተራሩ ዝነበረት ሓንቲ ማሽን ስራሓ ስለዘይቀጸለት፡ ነቲ ትካል ከተገልግል ተባሂሉ ምስኣን ተጠርኒፉ ክትመጽእ ክኢላ እያ። ምስ'ቲ ዝነበረና መሳርሒ ካልእ ሓደስቲ መሳርሒታት ተወሲኹና ድማ ኣዝዩ ስሉጥን ዓቢን ቤት ማሕተም ክኸውን ክኢሉ እዩ።

ይቕጽል...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሜላት የሃንስ ኪዳን ምባል ተረፉ፡ ጸገወይኒ የሃንስ ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ዓንደ ወልደየሱስ ምባል ተረፉ፡ ፍረወይኒ ዓንደማርያም ወልደየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ክፍለ ኣርኣያ ፍጽሃጼን ምባል ተረፉ፡ ክንፈ ኣርኣያ ፍጽሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኣቶ እድሪስ ዓብዱ ኣደም፡ ስም ኣደይ መዲና መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መዲና መሓመድኑርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዘማም ፍስሃጽዮን ዑቕበ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ከሰተ ኢሳቕ ተወልደመድህን ካብ ሃገር ምስ ወጸአ 4 ዓመት ደሃዩ ስለዘይብለይ፡ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለዝበለት፣ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ጉዕ እስቲፋኖስ ጓል ኣኮይ እልፋ ጊዮርጊስ ስለዝሞተት፣ ብዘወት ከሉ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ማእከል ከተማ ዞባ 1ምም ከባቢ 09 ነበር ኣብ ጎደና ደጃ. ኣፈወርቂ ነበር ሕጂ ጎደና ማርሳ ፋጥማ ቁጽሪ 173፡ ቁጽሪ ገዛ 17 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ከምኡ’ውን ወርቃን ኣብ ጣኪ. ዘሎ ገንዘብን ዝገደፈትለይ ለቦዋ ደጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ጸጋይ ማሰፍኑ ተኸሳሲ ኣቶ ሚከኤል ኣብትዋህ ምትኩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ደራና ፍራንቸስኮ ሚልያኖ፡ በዓልቤተይ ክላውደዮ ቶቲ ኣንጀሎ ስለዝሞተ፡ 3 ደቅና ጥራይ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ዑቕባሚካኤል ተኽለ ክንፈን ወ/ሮ ሂማን ኣርኣያ ወረደቃልን ወድና ኣቤል ዑቕባሚካኤል ተኽለ ስለዝሞተ፡ ንሕና ወለዱ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ የርዳኖስ ዳዊት ማና፡ በዓልቤተይ ሰመረ ጉብረማስቀል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ምብራቕ ኣርኣያ ሃይሉ፡ በዓል-ቤተይ ተስፋልደት ኣብርሃም ጎይትኦም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ቢንያም ሃብተ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ተስፋዝጊ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክርክር ቀሪቡልካ ስለዘሎ’ሞ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ተስፋሁን ተወልደብርሃን ተ/ሰንበት፡ ኣደይ ህድእት ጉብረእግዚብሄር ሓጎስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ተኽለይ ጸጋይ ጉብረሚካኤል፡ በዓልቲ-ቤተይ ምንያ ክብሮም ተስፋማርያም ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ህልዋት ደቅና 1 ስውእ ተተካእቲ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ሉችያ ኢያኑብ ደስታ፡ በዓል-ቤተይ ጉብረእግዚኣብሔር ኪዳን ባህታ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መኣዛ ምስጥና ተማኑ፡ ኣቦይ ምስጥና ተማኑ ሞሳዝጊ ስለዝሞተ፡ ብዕለት 18/12/2011 ቁ.መዝ 291/2011 ኣብ ቤ/ፍ ዞባ ማእከል ንኣብ ከባቢ ቲራቮሎ ፕሎት 126 ፓርሰል ዞን ASP00018580 ፓርሰል K1 ከባቢ ዚፕ ኮድ ቲራቮሎ A866 ዝርከብ ገዛኡ ዝገደፈትለይ ለቦዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ንግስቲ ጉብረኣምላኽ፡ ኣቦይ ጉብረኣምላኽ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ስውእ ሓወይ ተተካእቲ 2 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ጽሃይሸ ባህታ ጉብረትንሳኤ፡ በዓል-ቤተይ ኣላይ ሃብተሚካኤል ተስፋዝጊ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገርጠጢ

ወ/ሮ ኤልሳ ጉብረመድህን ጉብረስላሴ፡ ኣደይ ኣብርሄት ጉብረማስቀል ዕቑባጊዮርጊሽ ስለዝሞተት፡ ብዘወት ከሉ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታን ሃብታን ዝገደፈትለይ ለቦዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ጎቦ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ግርማይ ኣሰፍሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቅዱስ ተስፋብሩኽ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ያቕን

ኣቶ የማነ ጉብረቃል ጉጀላን ወ/ሮ ንግስቲ ሃይለ ጉብረኺዳንን፡ ወድና ስምረታኣብ የማነ ጉብረቃል ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ውሉድ ስለዘይብሉ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጉብረኣምላኽ ተወልደ ዘርኡ፡ በዓልቲ ቤተይ ሙብራት ተኽለገርግስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 6 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ሃብቱ ጸጋይ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሃብተ ጸጋይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሊያ ኣብርሃ ተኽለማርያም ምባል ተረፉ፡ ሊድያ ኣብርሃ ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ኣቶ ጸጋይ ጉብረስላሴ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ተብርህ ስዩም ኣብድ ስለዝሞተት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ፡ ኣነ ምስ ኣስቴር ጉብሩ ጉብረመድህን ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሊባን

ወ/ሮ ሩታ ዘርኣብሩኽ ርእሶም፡ ናይ ኣቦይ ዘርኣብሩኽ ርእሶም ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ብስራት ተሰፋ፡ ስም ትሕተ፡ ዕድመ ጓለይ ሮዝርያ ኪዳነ ጠዓመ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊት ኪዳነ ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረማ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ከድጃ እድሪስ ኢብራሂም፡ ስም ትሕተ፡ ዕድመ ጓለይ ሳሊሓ ዑስማን ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ሳሊሓ ሱሌማን ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረማ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail;






# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## 15 ዝበለጹ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ 2022-2023

ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣብ ክልተ መሳኸቲ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ናይ ዓመት 2022-2023 ኣሰታት 2.8 ቢልዮን ፓውንድ ዝግመት ገንዘብ ከም ዘጥፈኣ'ዮም መዛግብቲ ዕድጊ ተጻወትቲ ኤውሮጳ ዘረድኡ። እዚ ማጠን ገንዘብ ቸልሲ ተጻወትቲ ንምዕዳግ ዘጥፈኣቶ ገንዘብ ኣብ ቁጽሪ ዘእተወ ከም ዘይትካ ደማ ይግለጽ። ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ዝተጻወትቶ በሊሕ ማስርሕ (ንጉልቪን ፊሊፕስ ገዲፍካ) ዘውዲ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ክትዓትር ከኽእላ ከሎ፣ ኣርሰናል'ውን እንተኾነ ዝገበረቶ ለውጢ ንሲቲ ጸቒጢ ክትፈጥረላ ኣብቂዕዋ'ዩ። ብራይተን ኣብ ማስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ብዝገበረቶ ወፍሪ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ኣብ ከዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ክትጻወት ከኽእላ ከሎ፣ ፋልሃም፣ ኖቲንግሃም ፎረስትን በርንማውዝን ከኣ ብዝገበርኦ ወፍሪ ኣብ ቀጻሊ ናይ ፕሪመር ሊግ ዓመተን ኣብ ሓደጋ ምምላስ ክድሕና ገይሩወን ኣሎ። ማንቸስተር ዩናይትድን ኒውካስልን እውን እንተኾና፣ ሓደሽቲ ተጻወትተን ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንኽምለሳ ሓጊዞመን'የም። እስከ መርበብ ሓበሬታ ስፖርት ጎል ኣብ ዓመት 2022-2023 ካብ ዝበለጹ 15 ዝበለጹ ማስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ ኣሉ ካብ ዘቕረቦም ንከታተል።

**15. ታይዎ ኣዎኒ (ኖቲንግሃም ፎረስት 17.5 ሚልዮን ፓውንድ)**

ናብ ፕሪመር ሊግ ዝሰገረት ጋንታ ቀዳሚ ውድድር ምጅማራ ብቐጻሚት ትገብሮ ነገር እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ፣ ሹቶ ዘመዝግብ ኣጥቃዓይ ምዕዳግ'ዩ። ኖቲንግሃም ፎረስት ከኣ ኣብ ፕሪመር ሊግ ከጸንሕዋ ዝኽእሉ ብረናን ጆንሶንን ኣዎኒን ዓዲጋ እያ። ናይጀሪያዊ ኣዎኒ ግን ተሸዋት ናይ ፕሪመር ሊግ ሹቶታት ብምምዝጋብ ካብዩም ዘፈረመቶም 30 ተጻወትቲ ጽቡል ክብል ኣኽኢልዎ ኣሎ። ኩለን እተን ዘመዝገበን ሹቶታት ንጋንታኡ ነጥቢ ዘምጽኣ ምንባረን ከኣ ካብ ፍሉይነቱ'ዩ። ኖቲንግሃም ፎረስት ኣብ ሜዳኣ ኣብ ዝገበረታ ቀዳመይቲ ጸወታ ሹቶ ምምዝጋብ ዝጀመረ እዚ ተጻዋታዩ፣ መወዐቲት ሹቶ ኣንጻር ሊቨርፑል፣ ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ሳውዝሃምተን 4-3 ክትዕወት ከላ ክልተ ሹቶታት ከምኡ'ውን ምስ ቸልሲ 2-2 ክትፈላለ ከላ ሹቶ ከም ዘመዝገበ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ ፎረስት ኣብ ፕሪመር ሊግ ክትጸንሕ ዘውሓሰት እኽሎ ሹቶ ኣንጻር ኣርሰናል ባዕሉ'ዩ ኣመዝጊቡዋ። ብሓፈሻ እዚ ተጻዋታይ፣ ጋንታኡ 11 ነጥቢ ኣብ ዘወሰደትሉ ግጥማት መሪሕ ተራ ነይሩዎ።

**14. ኒክ ፖፕ (ኒውካስል 10 ሚልዮን ፓውንድ)**

ሓላዊ ልዳት ፖፕ፣ ክሉብ ባርንሊ ኣብ ፕሪመር ሊግ ንዊሕ ክትጸንሕ ኣኽኢሉማ ካብ ዝለዐ ሓደ'ዩ። ናብ ኒውካስል ድሕሪ ምስግጋሩ ከኣ ኑታ ጋንታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንኽትሳተፍ ዝለዓለ ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ። ኣብ ፕሪመር ሊግ ድሕሪ ሓላዊ ልዳት ማንቸስተር ሲቲ ኢደርሰን እቲ ዝውሓደ ሹቶ ዝተመዝገቦ ሓላዊ ልዳት'ዩ። ሰለስተ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ብምድሓን ከኣ ጋንታኡ ሓሙሽተ ኣገደስቲ ነጥቢ ክትወስድ ኣኽኢልዎ'ዩ።

**13. ፓልሂንሃ (ፋልሃም 20 ሚልዮን ፓውንድ)**

እዚ ፖርቱጋላዊ ኣከፋፋሊ፣ ካብ ኣንጻር መጋጥምቱ ከዕሶ ንምውሳድ ዝዝብሮ ቃልሲ ብዙሕ ኣድናቖት ክረክብ ክኢሉ'ዩ። ፓልሂንሃ ኣብ ፕሪመር ሊግ እቲ ዝለዓለ ከዕሶ ዝመንጠለ ተጻዋታይ'ዩ። እቲ ዘርከም ኑቲ ድሕሪኡ ተሰሪዑ ዘሎ ሞይሰስ ካይሰዶ ብ50 ዝበልጾ ምኳኑ'ዩ። እዚ ተጻዋታይ ኣብዚ እዋን ወሪንዎ ብዘሎ ብቕዓት ቀዋሚ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ክኸውን ከሎ፣ ኣብ 2021 ስፖርቲን ድሕሪ 21 ዓመት ዘውዲ ሻምፕዮን ክትደፍእ ከላ ከኣ ካብ ቀንዲ ተጻወትታ እዩ ነይሩ።

**12. ዊሊያም (ፋልሃም ብናጻ)**

ዊሊያም ምስ ኣርሰናል ዝሰበሮ ውዕል ክውድእ ከሎ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝሰበሮ ግዜ ከም ዘብቀዐ'ዩ ዝገለጽ ነይሩ። ይኹን'ምበር፣ ፋልሃም ወሃሉል ተመኩሮኡ ብምስትብሃል ኣብ ክረምት ምስኣ ልምምድ ከም ዝገብር ገይራ እያ ብናጻ ኣፈሪማቶ። እዚ ናይ ቀደም ናይ ቸልሲ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ከኣ ኣይሓመቐን። ሓሙሽተ ሹቶታት ከመዝግብ ከሎ፣ ሓሙሽተ ኻእ ሹቶ ዝኸና ኩዕሶ ብምስራሕ ፋልሃም ከም ዘይተጋደየት ኣማሲኑ።

**11. ጁሊያን ኣልቫረዝ (ማንቸስተር ሲቲ 14 ሚልዮን ፓውንድ)**

በዚ ተጻዋታይ ብዝለዓለ ክምገሱ ዝግበኦም እየም ናብ ደቡብ ኣመሪካ ክይዶም ዝጠመትዎ ስለዩቲ (scouts) ማንቸስተር ሲቲ እዮም። እዚ ተጻዋታይ ምስ ምህላው ሃላንድ ምስ ቀዳሞት 11 ተጻወትቲ ናይ ምስላፍ ዕድል ክረክብ'ኳ እንተዘይከኣለ ኣብ ካፍሲ ወከፍ ዝተሰለፈሉ ጸወታ ግን ፍሉይ ምንቅስቓስ ብምግባር ኣርእስቲ ክሰርሕ ፍጹም ኣይተጸገመን ዘሎ። ብመንጽር ዝተጻወቶ ደቓይቕ ዘመዝገቦ ሹቶታት ክነጻጸር ከሎ፣ ሃላንድ ጥራይ'ዩ ዝቕድሞ። ከምዚ ዓይነት ኣጥቃዓይ ብ14 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊቨርፕሌት ከተምጽእ ከኣ ብፍሉይ ክጥቀስ ዝግበኦ'ዩ።

**10. ኣሌክሳንደር ኢሳቕ (63 ሚልዮን ፓውንድ)**

ኤርትራዊ ሸወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፣ ኣብ ሓደ እዋን ማስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኒውካስል ዝሰበረ ተጻዋታይ ክኸውን ከሎ፣ ጸገሑ ከኣ ብቐቢድ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ክሳብ ጥሪ ካብ ጸወታ ብምርሓቑ ዕድል ኣይገበረን። ይኹን'ምበር፣ እዚ ቅልጡፍ ኣጥቃዒ ከም ዝውንን ዝኣመሉ ተጻዋታይ፣ ናብ ጸወታ ድሕሪ ምምላሱ ብበለጽ ናይ ምሸኻዕ ክእለቱ ንተኸላኸልቲ ኣንጻር ጋንታኡ ከሕወዝውዞን ማለስ ኣሉ ክወጽእን ኣይተሸገረን። ኣብ ቀዳማይ ናይ ፕሪመር ሊግ ዓመቱ ኣብ ዝተሰለፈለን 14 ጸወታታት 10 ሹቶታት ከመዝግብ ምኽኣሉ ደማ ኣብ ዓመት 2023-2024 ንኒውካስል በዓል ውዕሉታ ከም ዝኸውን ዘጠራጥር የልቦን። ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ዝሓለፈ ሰሙንታት ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ ማበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብቀዓና ዝብል መልእኽቲ ከም ዝሰደደ ይዝከር።

**9. ካሰሚሮ (ማንቸስተር ዩናይትድ 60 ሚልዮን ፓውንድ)**

ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ናይ ፕሪመር ሊግ መኽፈቲ ጸወታኣ ብብራይተንን ብረንትፎርድን ድሕሪ ምስዓራ ኤሪክ ተን ሃግ እታ ጋንታ ካብ ዝኸፈአ ናብ ዝኸኣሰ ከይከይድ ከላ መድሕን ዝኾና ተጻዋታይ ከምጽእ ከም ዘለዎ'ዩ ተሰዊጥዎ። ሓሙሽተ ግዜ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘልዓለን ቀዋሚ ተሰላፊ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ዝኾነን ካሰሚሮ፣ እዛ ጋንታ ብብረንትፎርድ 4-0 ክትስዕር ምስ ተዓዘበ ከኣ ንጸምባታ ክፍውስ ከም ዝኽእል ንወከሉ ክሶር ኣይተማትአን። ካሰሚሮ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ድሕሪ ምምጽኡ ንማስመር ምክልኻል ድርዒ ንማስመር መጥቃዕቲ ከኣ መጋቢ ክኸውን ግዜ ኣይወሰደሉን። ብፍላይ ኑዩም ኣቓዲሞም ተመቓቒሎም ዝበሩ ተጻወትቲ ሬድ ዴቭልስ ንሓደ ዕላማ ከም ዝሰምሩ ኣብ ምግባር ከኣ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ደገፍቲ እዛ ጋንታ እንተፈተውዎ ከኣ ዘርርም ኣይኮነን።

**8. ማኑኤል ኣካንጂ (ማንቸስተር ሲቲ 15 ሚልዮን ፓውንድ)**

ዝሓለፈ ዓመት፣ ሲቲ ምስ ዶርቱሞንድ ኣብ ማስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ጸቡቕ ስራሕ'ያ ዓሚማ። ምናልባት ሃላንድ ዝለዓለ ትኹረት ተዋሂብዎ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ይኹን'ምበር ናይ ኣካንጂ'ውን በሊሕ ውሳነ ምንባሩ ክዘንጋዕ ኣይግባእን። እዚ ስዊዘርላንዳዊ ተኸላኻላይ ንጋርዲዮላ በለጹ ዓንዲ ሕቖ ማስመር ምክልኻል ፐፐ ጓርዲዮላ ክኸውን ዘኽእሎ ብቴክኒክ ትክኑ፣ ወናኒ ብሉጽ ኣካላዊ ቀመናን መምርሒ ዘኽትልን ምኳኑ'ዩ። እዚ ተጻዋታይ ምስ ኣብ ማእከል ኣርባዕተ ተኸላኸልቲ፣ ምስ ሰለስተ ተኸላኸልቲ ናታን ኣከ ኣብ ዝተሃርመሉ ከኣ ከም ናይ ጸጋም ተኸላኻላይ ኮይኑ ብሉጽ ብቕዓት ኣርእዩ'ዩ። ልዕሊ ኹሉ ከኣ እዚ ተጻዋታይ፣ 15 ሚልዮን ፓውንድ ጥራይ ምውጻኡ'ዩ። ሓሙሽተ ዕጽፊ ናይቲ ዩናይትድ ንሃሪ ማጉየር ዝከፈለቶ ምኳኑ'ዩ።

**7. ፐርቪስ ኢስቱፒናን (ብራይተን 15 ሚልዮን ፓውንድ)**

እዚ ተጻዋታይ ካብታ ዝሓለፈ ዓመት ክሳብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝበጽሐት ቪላሪያል ወጺኡ ናብ ብራይተን ምስ መጽአ፣ ብዙሓት ወገናት ሸፋሸፍቲ ዓይናም ከዕጥሩ ተራእዮም'የም። ኢስቱፒናን ግን ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ኣብ እንግሊዝ ብዘርኣዮ ብቕዓት ዘጣዕስ የብሉን። ንሱ ብፍላይ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ሸውዓተ ሹቶ ዝኸና ኩዕሶ ክኸሽን ከሎ፣ ኣንጻር ኣርሰናል ከኣ ብልጽቲ ሹቶ ከመዝግብ ክኢሉ'ዩ። ዝመጽእ ዓመት ደማ ምስ ብራይተን ኮይኑ ኣብ ኤውሮጳ ብሉጽ ብቕዓት ከርኢ ተስፋ ተገቢሩሉ ኣሎ።

**6. ኣንድረስ ፔሬራ (ፋልሃም 10 ሚልዮን)**

ኣሰልጣኒ ፋልሃም ማርኮ ሲልቫ፣ ነዚ ተጻዋታይ ካብ ብራዚል ናብ እንግሊዝ ክመልሶ ሓንቲ ደወል ቴሌፎን ጥራይ'ያ ኣድልዩቶ። ንቡታ ካራቫዮ ተኪኡን ምስ ኣሌክሳንደር ሚትሮቪች ተወሃሂዱን ከኣ ኣርባዕተ ሹቶታት ከመዝግብ ከሎ፣ ሸዱሽተ ደማ ሹቶ ዝኸና ኩዕሶ ሰሪሑ። ዕድል ኣይገበረን ግን፣ ኣንጻር ሲቲ ኣብ ዝገጥመሉ ዘበረ ግዜ ንምልኡ ወቕቲ ካብ ጸወታ ዘርሕቖ ማህረምቲ ኣጋጢምዎ። ክሳራ ዩናይትድ መኽሰብ ፋልሃም እዩ ነይሩ።

**5. ሊሳንድሮ ማርቲኔዝ (ማንቸስተር ዩናይትድ 56 ሚልዮን ፓውንድ)**

እዚ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክመጽእ ከሎ ጂሚ ካራገር ዝርከቦም ብዙሓት ወገናት ብኣካላዊ ብቕዓቱ ከይሸገር ብምስጋእ እቲ ዝተዋህበ ማጠን ገንዘብ ከም ጽላለ ክቖጽርዎ ተሰሚዖም እዮም። ይኹን'ምበር፣ ብሀድኣት ከዕሶ ኣብ ምሓዝን ምሕላፍን ብዘለዎ ብቕዓት፣ ዩናይትድ ዝያዳ ከዕሶ ክትጻወት ኣኽኢልዎ'ዩ። ኣብ መፋርቕ ሚያዝያ ድሕሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ከኣ ኤሪክ ተን ሃግ ክሳብ ክንደይ ከም ዝተሸገረ ርእኡ'ዩ።

**4. ኦሌክሳንደር ዚንቼንኮ (ኣርሰናል 32 ሚልዮን ፓውንድ)**

እዚ ዩክሬናዊ ንኹሉ ቦታታት ኣርሰናል ዓብሊልዎ'ዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ናይ ጸጋም ተኸላኻላይ ክኸውን ንማስመር ምክፋል ድጋፍ፣ ኣብ ማስመር መጥቃዕቲ ከኣ ስግኣት ክፈጥር ፍጹም ኣይተሸገረን። ንሱ ሕልፊ ዝኾነ ተጻዋታይ ከዕሶ ኣብ ዝሓዘሉ፣ ዘቕበለሉን ዝመንጠለሉን ግጥም ኣንጻር ዩናይትድን ቶተንሃምን - ኣርሰናል ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክትወስድ ኣይተጸገመትን። ኣብ ሰሚን ለንደን ምስ ሲቲ ዝሰበሮ ናይ ዓወት መንፈስ'ውን ናብ ኢምሬትስ ኣምጺእዎ'ዩ። ኣብ ምጅማር ጸወታ ናይዚ ወቕቲ፣ ኣርሰናል ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ከም ትዓትር ክዝረብ ከሎ ብዙሓት ወገናት ስሒቖም'የም። እታ ጋንታ ዋንጫ ሻምፕዮን ኣይትኹን ዘኸደቶ ጉዕዞ ግን ቀሊል ኣይነበረን።

**3. ስቨን ቦትማን (ኒውካስል 35 ሚልዮን ፓውንድ)**

ኒውካስል ነዚ ተጻዋታይ ካብ ጥሪ 2022 ኣትሒዛ'ያ ዓይና ኣውዲቓትሉ ነይራ። ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ሊለ ምስ ኣምጽኣቶ ከኣ ቦትማን ምስ ፋቢያን ሾር ክወሃሃድን ብኣካላዊ ቀመናኡ ከዕሶ ክኸስብን ግዜ ኣይወሰደሉን። ኒውካስል ሎሚ ዓመት ዝበለጸ ማስመር ምክልኻል ክትውንን ዝለዓለ ተራ ዝተጻወተ ከኣ ንሱ እዩ ነይሩ።

**2. ጋብሪኤል ጀሱስ (ኣርሰናል 45 ሚልዮን ፓውንድ)**

ዋላ'ኳ ብሉጽ ተጻዋታይ እንተኾነ ኣብ ሲቲ ግን ቀዋሚ ተሰላፊ ክኸውን ንጋርዲዮላ ከእምኖ ኣይከኣለን። ናብ ተሓጋጋዚ ጋርዲዮላ ዝነበረ ኣርቴታ ምስ መጽአ ግን ኣብ ኢምሬትስ ወሳኒ ተጻዋታይ ክኸውን በቒዑ'ዩ። እዚ ተጻዋታይ ዋላ'ኳ ኣብ ዋንጫ ዓለም ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንሰለስተ ወርሒ ካብ ጸወታ እንተረሓቐ፣ 10 ሹቶታት ከመዝግብን ሓሙሽተ ሹቶ ዝኾና ኩዕሶ ክሰርሕን ግን ክኢሉ'ዩ። ልዕሊ ኹሉ ከኣ ከዕሶ ብዘየቋርጽ ብምሓዝ ደቂ ጋንታኡ ክደምቁ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።

**1.ሃላንድ (ማንቸስተር ሲቲ 51 ሚልዮን ፓውንድ)**

እዚ ተጻዋታይ ኣብ ኖርወይ፣ ኦስትርያን ጀርመንን ብዝምጋም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ሓንቲ ሹቶ ከቑጽር ክኢሉ'ዩ። ኣብ እንግሊዝ ከምዚ ክገብር ዝተጸበዩ ግን ኣይነበሩን። 36 ሹቶታት ኣብ ፕሪመር ሊግ ብሓፈሻ ከኣ 52 ሹቶታት ብምምዝጋብ ክብረወሰናት ክጭብጥ በቒዑ'ዩ። ሲቲ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ክትወስድ ዝለዓለ ኣበርክቶ ክገብር ከሎ፣ ድሕሪ 24 ዓመታት ከኣ ናይ ፈለማ ስሉሳዊ ዓወት ንኽተመዝግብ ክሕግዛ ተሰፋ ተገቢሩሉ ኣሎ። ዋላ'ኳ መዛያ ሃላንድ ዝዒፍ እንተኾነ ሲቲ ግን ንምውናኑ 51 ሚልዮን ፓውንድ ጥራይ'ያ ካብ ካዝናኣ ኣውጺኣ። 25% ዝተሓተ ካብቲ ሊቨርፑል ንዳርዊን ኑኔዝ ዘውጸኣትሉ ምኳኑ'ዩ።



ኤርትራዊ ሸወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ




ብራዚላዊ ጀሱስ




ኖርወጃዊ ሃላንድ



ብራዚላዊ ካሰሚሮ

ሪፖርታዥ

# ጽምብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳስ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ!

ሸዊት ተኽለ

ዘለናዮ ቅንያት፡ ናጽነትና ብልዑል ወኒን ሓበንን እንጽምብለሉ ቅንያት እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ዘለዎ ኹሉ ዝኸፈሎ፡ ቅንያት እዚ ሃገራዊ በዓል ንምጽምባል እውን ዘለዎ ከይበቐቐ ዝ ርእሲ ኩሉ በዓላትና ዝኾነት ዕለት ንምድማቕ ኣብ ምሽብሻብ እዩ ቀንዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ነታ ከበድ ዋጋ ከፊሉ ዘምጽኣ ናጽነቱ ዓመታዊ ብድሙቕ ኣገባብ እዩ ዘበዕላ፡ ናይ ለሚ ዓመት ድማ ኣንጻር ኩሉ ተጻብኦታት መኪቱ ኣብ ትሰፉው መድረኽ ይጽምብላ ብምህላዉ ፍሉይ ይገብሮ።

ከም መቐጸልታ ናይዚ ዓመት መጸኣ ንኣሳን ዞባታትን ምምሕዳር ከባቢታትን ነበርትን ብምውዳብ ዘካይድኦ ንጥፈታት፡ ናይ ለሚ መበል 32 ዓመት ጸምብል ናጽነትና እውን "ቅያ ስጡም ማርዕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ብልዕን ማስተን ብምድላው ኣብ ምጽምባል ደርኩቡ፡

ንኣስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ብዘለዎ ብዝሒ ህዝቢ፡ ኣብ ሰለስተ ኮማዊ ዳሳት ብምክፍፋል እዩ ዝ ክብርቲ ዕለት ብድሙቕ ኣገባብ ጸምቢልዋ። እምብኣርከስ ንጥፈታት ኮማዊ ዳሳት ንምዕዛብ ናብ ሓንቲ ካብዘን ኣብ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ንበዓል ናጽነት ንምድማቕ ዝተተኽለ ኮማዊ ዳሳት ማለት ናብ ምምሕዳር ከባቢ እምባጋልያኖ ኣምሪሕና ነይርና።



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እምባጋልያኖ ዝቐመጥ ህዝቢ፡ ነቲ ዓመታዊ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ዝጽምብሎ ውራዩ ለሚ እውን ካብ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ብዘበልጸ ኣገባብ ንኸበዕሎ ላዕልን ታሕትን ክብል እዩ ወሪሑ። ኣብ ዋዜማ ዕለተ ናጽነት 23 ግንቦት 2023 ድማ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዙ፡ ተሰሩ ብዝሀብ ዝናብ ወቕቲ ኣዝመራ ተሰኒዩ፡ ንበዓል ናጽነቱ ደብቅዕ እዩ ዝበሎ መሳንድኣታት ብምድላው ዕድመ፡ ጾታ፡ ሃይማኖትን ብሄርን ብዘይምፍልላይ ነበርቲ ናይቲ ምምሕዳር ናብቲ ዳስ ውሒዞም። ኣብቲ ናይ ሓብር ዳስ ናጽነት፡ ብፍሰቱ መንፈስ ክለሆን ሽሻይ እዛ ክብርቲ ዕለት ክቂያሱን እንክትርኢ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ናጽነቱ ዘለዎ ክብሪ ጎሊሑ ይረኣዮ።

ኣብቲ ንሓደኑት ህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ዳስ ተረኺብና፡ ፈለማ ዘዕለልናያ ኣብ ምቅራብ ሽሻይ ናጽነት ክትሻባሻብ ዝጸንሓትና ወ/ሮ ሳባ ሃይለማርያም እያ። ንሳ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ቀያሕቲ ደቁ ብምኽፋል ዝረኸቦ ናጽነቱ ንምድማቕ ነበርቲ እቲ ምምሕዳር ከባቢ፡ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ፍሉይ ምድላዋት ከምዝገበሩ ብምጥቃስ፡ ከምቲ ናይ ለሚ ዓመት ጭርሖ ናጽነትና ዘጸርዩ ምስጢር ናይቲ ምዕሩግ ውራይ ኣብ ወደብትን ነበርቲ እቲ ምምሕዳር ከባቢን ዝበረ ስጡም ምውህሃድን ማስርዕን ምዃኑ ኣረዲኣ። ወ/ሮ ሳባ ወሲኻ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ብጆዂ ቅልጽሙ ደኣ'ምበር ኣብ ወርቃዊ ብዩቲ ዝዓደሎ ኣካል ከምዘይለ ብምሕባር፡ ለሚ'ውን ከምቲ ትማሊ ሓደኑቱ ኣይልዳሉ ንቐድሚት ክምስምርሶን ኣብዚ ተብጋገሱ ዘሎ ናይ ልምዓት ንጥፈታት ድማ ብኣብኡ ዝጥቀስ ስርሓት ከሰላስልን ምዃኑ፡ ዘለዋ ጽኑዕ እምነት ገሊጻ።



ኣቶ ኢዮብ ህዳድ ዓሊ

ተቐማጢ እቲ ምምሕዳር ኣቶ ኢዮብ ህዳድ ዓሊ ብወገኑ፡ "ናይ ለሚ መበል 32 ዓመት ናጽነትና፡ መሪሕነት፡ ሓይልታት ምክልኻልን ህዝቢን ኤርትራ ኣድን ሻንትን ብምዃን ኣንጻር ኩሉ ባዕዳዊ ተጻብኦታትን ብደሆታትን ብምምካት ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ኣብ ዝጸሓሉ እዋን ንኽብሮ ብምህላውና ዝያዳ ካልእ ዓመታት ፍሉይ ይገብሮ። ህዝቢ ኤርትራ ኣዩ ከብኡ ንበዓል ናጽነቱ ብድሙቕ ሃዋህው ኣብ ዝጽምብለሉ ዘሎ ኢጋጥሚ ሓበን እሰምዓኒ። ህዝቢ ኤርትራ ብዘይምፍልላይ ኣብ ሓደ መኣዲ ክምጉበን ብሓብር ክውዕልን ዝገበሩ ጀጋኑ ሰማእታትና ድማ ክብሪ ይኹኖም" ክብል ኣብዚ ፍልይቲ ዕለት ንዘለዎ ጦብላሕታ ኣካፊሉና። ኣብ መወዳእታ እቲ በዓል ደሚቑ ንኽውዕል ዝገበሩ ኩሎም ኣቦላት እቲ ን/ዞባን ምምሕዳር ከባብን ዘለዎ ምስጋና ገሊጹ።



ኣቶ ሳሚኤል መለስ

ኣቦ መንበር ኮሚቲ በዓላት እቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ የውሃንስ እስቲፋኖስ ድማ፡ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ብሰንኪ ዓለማዊ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ጽብሞል በዓል ናጽነትና ኣብ ኮማዊ ዳሳት ከምዘይተኻበረ ብምዝኽኻር፡ ናይ ለሚ መበል 32 ዓመት ናጽነትና ግን ኩሉ ሰክፍታታት እቲ ለበዳ ተቐንጢጡ ነበርቲ እቲ ምምሕዳር ተኣኻኺቦም ክጽምብልዎ ምኽኣሎም ሓጎስ ከምዝፈጠረሉ ገሊጹ። ኣቶ የውሃንስ ወሲኹ "ኮማዊ ዳሳት ጸምብል በዓል ናጽነት፡ ኣብ ምሕዳስ መብጽዓ፡ ምምይያጥ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ምውርራስ ታሪኽን ዓቢ ኣስተዋጽኦ እዩ ዘለዎም። ኮማዊ ዳሳትና፡ ክንጸ ምዝንጋዕ ዝኸይድ ረዚን ትርጉም ዝሓዘለ እዩ" ክብል ገሊጹ። ብዘውሳኺ፡ ናጽነትና ብኻላ-ማላ ዝርአ ከምዘይኮነ፡ ንምውሓሱ ድማ ህይወት ኣሽሓት ሰማእታትና ዝኸፈልናሉ ምዃኑን ሓቢሩ።

ኣቶ ሳሚኤል መለስ እውን ተቐማጢ ናይቲ ምምሕዳር እዩ። ንኣበዓዕላ ኮማዊ ዳሳት ድማ ብኸምዚ ይገልጾ "ህዝቢ ኤርትራ ትርጉም ናጽነት ብዓበኡ ዝርዳኦ ህዝቢ ስለዝኾነ ዓመት መጸኣ ነዛ ክብርቲ ዕለት ንምድማቕ ወትሩ ምስ ተዓጥቀ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ነበርቲ እቲ ምምሕዳር ውራዮም ንምጽባቕ ዘርኣይዎ ተበግሶን ድልየትን መጉሱ። ንሱ ወሲኹ፡ ኮማዊ ዳሳትና ንሓድነትን ሰላምን ህዝቢ ዘሐይሉ ምዃናም፡ ኣብ ምሽስካስ ሃገራዊ ክብርታትና ድማ ልዑል ኣበርክቶ ከምዘለዎምን ኣረዲኡ። ኤርትራ ብዘለዋ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ኩሉ ግዜ ኣብ ዓይኒ ግዳማውያን ሓይልታት ከምእትርከብ ዝጠቐሰ ኣቶ ሳሚኤል፡ ከምቲ ናይ ለሚ ዓመት ቴማና ዘመልክቶ፡ ህዝቢን መንግስቲ ኤርትራ ብሰላ ዘለዎ ስጡም ሓድነትን ወህደትን ብሸርሒን ተገንልን ጸላእቲ ክይተበታተካ ዝ በዓል ይጽምብሎ ብምህላዉ፡ ዝ በዓል ድርብ ትርጉም ከምዝህቦ ሓቢሩ። ኣሰዕብ ኣቢሉ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ኣብ ምምካት ጸላእቲ ዘርኣዮ ተወፋይነት ሕጂ'ውን ንልምዓት ብዘዓጻጸፈ ክሰገም ምዃኑ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ንኣብል ሳልሳይ መደብር ፖሊስ ተጋዳሊት ፋጥና ሸፋ ኢና ተወኪስናያ። ንሳ፡ መበል 32 ዓመት ናጽነትና ትሽዓተ ብሄራትና ብዘይ ምፍልላይ ዘለዎ ሓድነት ደሪዑ ኣንጻር ጸላእቲ ድሕሪ ዘቖጾ ቃልሲ ደባዒል ምህላዉ ፍሉይነት ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ "ናጽነት ንዓይ፡ ንስወኣት ብዑተይ ብልዑል ሓበን ዝዘከረላ ዕለት እያ፡ ስለዝኾነ ቅንያት ናጽነት ፍሉይ ጦብላሕታ እዩ ዝፈጥረለይ" ክትብል ሓቢራ። እዚ ዘሎ ወለዶ ድማ ሕድርና ብምቕባል ጸላእትና ክበርር እንክሉ፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ዘሎ ንመሪትካ ናይ ምውፋይ ባህሊ ብቓላት ክኖገለጽ



ወ/ሮ ሳባ ሃይለማርያም



ኣቶ የውሃንስ እስቲፋኖስ

ዘይክእል ዓሚቝ ትርጉም ከምዘለዎ ተዛሪባ።

ናጽነትና፡ ህያብ ናይቶም ኣርዑት መግዛእቲ ብምስባር ከም ህዝብን ሃገርን መሰል ርእሰ ውሳኔና ክኸብር ዘይትትካእ ህይወቶም ዝኸፈሉልና ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ጀጋኑ ሰማእታትና እያ። ህዝቢ ኤርትራ ነታ ደሙን ደምጹን ብምሃብ ዘረጋገጻ ናጽነቱ ዝያዳ ካልእ እዋን እዩ ዝበህጋን ንምጽምባላ ድማ ከሎ ገና ዘሸባሽበን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ቅድሚኒን ድሕሪን ናጽነት መሪር ቃልሲ እዩ ኣሕሊፉ። ሳላ ጽኑዕ ዝመከተን ንርሑቕ ዝጠመተን ድማ እንሆ ንመበል 32 ዓመት በዓል ናጽነቱ ኣብ ዘተኣማምን ሃዋህው ብምዃን ብሓበን ክጽምብላ በቒዑ።



ተጋዳሊት ፋጥና ሸፋ

**ርሑስ በዓል ቅንያት ናጽነት!**

## ክልተን እንኮን

ንረባሕታ ምምቃል ግርምቢጥ ቀማሪ
ንተደመሮ ምጉዳል ዘመናዊ ጽላለ
"ኣይዚ 'ናዘበስ ሩባታት ነጺፉ
ወዮ ዝወደቐስ ንዓቕብ ጸዲፉ!"

"ወዛ" ምስ ተባህለ ናይ ህርፋን ትንተና
ኣብ ሕልሚ ብዕጋገ ተሳዒሩ ጆግና
እኩብ ሓመድ፡ ድኻኩል ወዲ ድኻኩል
ሕልሚ ተወጢሑ ንዓረ ክሰብር።

ራኢ ብደንበርበር ሃጸፍጸፍ ብወና
ምምጥጣር ማዕዶ ብውሑጥ
ከርኽሮ
ኣብ ዘየለ ትርኢት ደርኢ'ዩ ዕሙት
ናቱ 'ናማሰሎ እንዮማቱ የቋምት።

ዝተገዝአ ሸውሃት ንእዲ ምስ ሓዝ
ሓሊመ እንተበለ መጆ ዝግዘዞ?
ብዞባን ማሳትያት ኣብ ጸልጣ ጽፍሒ
ጥፍኣ ሃንቀውታ ምስሊ ግዱኑበሲ
ይግምጠል'ዩ ከውሒ ብሓይሊ
ማሳንዞር
ንእምባ ትሰብር እታ ደቃቕ ጸጸር።

ይሕለም'ዩ ሕልምኡ ሕልሚ ደረት
ኣልቦ
ኑቲ ፍጥረት ምድሪ ኣብ ጹሓይ የዕልቦ
ብፀምኡ ዝፈሪ ካዕበት ጨው የሕፍስ
ሾራ ኣተርኢሱ ምስ ዓሳ የሐንብስ።

ኣብኡ ኣሎ ግን ገሉ ብሞዕዶ
ዘይትንተን
ሃማምን ተርጥዒን ከም ነቶናን በርቅን
ንሱ ቀታል ስሕለት፡ ደርሆ እሙን
ደጅኑ
ኣብኡ ኣሎ ግን ገሉ ዘይብጹሕ
ምስጢሩ
ንኣዒንቲ ደቂቑ ማስተዝክር ተግባሩ።

ተኳሰን ኣትሪሰን ወፍርን ኣሰናቒን
ገረብን ጨንፈርን ትርግታን ትንፋሰን።

ዋኖቲ ናይ ደም ባሕሪ - ሰማያዊ ሃሪ
ዄብራቖ ሴፍ ጨብረቕታኡ ጓህሪ
ንፋሱ ሃልሃልታ ማዕበሉ ክቱር ነድሪ
ሕልሚ ዘይእንታዩ ኣብ ዕምቆት ሰዋሪ
ኣብ ሕንጻጹ ኣሎ'ወ ኣይሰግር
ኣይጥርር
ነገር ኣይጽሕትር፡ ንገረኛ ኣይምሕር።
እምበር. . .
ሕልሚ እዚ ሕልሚ ንመንክ ዘዩሀርር
ንመንግስቲ ኣማኻኽኒ ከም ናትካ
ዘምስል።

ግናስ ኣብኡ ኣሎ፡ እቲ ክልተ ሓደ
ብስጡም ጥምረቱ ጸግዖት ዝወለደ
ብስሙር ማዕርዑ ጎደና ዝመድመደ
ኣብ ለሚ ንኽበጽሕ ትማሊ ዘንቀደ።

ንሸውሃት ስሱዓት ተሎ ዝሻማጠ
ብናጻ ማስመሩ ሽቶኡ ዘፍለጠ።

ከም ሴፍን ሰጦኑ ብልሒን ሰፈርን
ከም ጠበንጃን ጥይትን ወርዋሪን
ወቓዒን
ከም ኣደን ወላድን ሓብሓቢን
ልኡኽን
ኣሎ ኣብ ቦታኡ መመላሱ ደሰጥም!

**ጥዑምዝጊ ተስፉይ**

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ኪዳነ-ምሕረት
ፋርማሲ ናጽነት
ፋርማሲ ኖቫ

ዕለት
24/5/2023

ጎደና
ጎደና ሰሓርቲ-835 ቁ.115፡ ከባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል
ጎደና 176-3 ቁ8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምርቲ
ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቁ.ስልኪ
07113046
122035
07120574